# ብክርስቶስ ዝኮነ
# ዕዉት ህይወት ምርዳእ
## 1ይ ክፋል



ብሃዋርያ ሕነሽም
ኢትዮጵያ

ኣታዊ ንመግዝኢ ቤት-ክርስትያን
ኣወፊያ ኣለኩ።

# እግዚኣብሄር ተዓሪቕካ(ኪ) እዩ።

" እዚ ኩሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ ገይሩ ዝተዓረቀና ኣምላኽ ኢዩ።
እወ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ ብክርስቶስ ጌሩ ኢዩ፣
በደሎም ኣይሓዘሎምን ፣ ንዓና ከኣ መልእኽቲ ዕርቂ ሃበና።
ስለዚ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣንበሳደር ኢና። ኣምላኽ ከኣ ይዕድም ኣሎ ።
ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይንና ድማ " ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ " እናበልና ንሕና
ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን ኣምላኽ ነቲ
ሓጢኣት ዘይፈልጥ ኣብ ክንዳና ሓጥኣት ገበሮ። (2ቆሮ 5,፣18-20 )
ብዙሕ ግዜ ንሕና ደቂ ሰባት ብዛዕባ መንነትን ባህርን እግዚኣብሄር
ከምቲ ዝግባእ ጌርና ኣይንፈልጦን ኢና። ስለዝኾነ ኸኣ እግዚኣብሄር
ማለት ኩሉ ሳዕ ዝቐጽዕን ጌጋታትና ክከታተል ዝውዕልን ኣምላኽ ጌርና ኢና ንወስዶ።
ዘረባናን ጸሎትናን'ውን ኣምላኽ ተዓረቐኒ ዝብል ሓሳብ ኣለዎ ወይ'ውን ብሰባት
ኣምላኽ
ይተዓረቅካ ዝበሉ ቃላት ተደጋጋሚ ኢና ንሰምዖም።
ሃዋርያ ጳውሎስ ግና እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ መስቀል
ወዱ የሱስ ክርስቶስ ሓዲግ ሰማይን ምድሪን ተንጠልጢሉ ደሙ ከፍስስ ከሎ
ባዕሉ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ኮይኑ ተዓሪቑና ኢዩ ይብለና ኣሎ።
ስለዚ ነዛ ጽሕፍቲ ተንብብ ዘለኻ ሓዊ/ ሓፍቲ ሓደ ነገር ክብለካ(ኪ)
ሓጥኣትካ(ኪ )ይቐረ ተባሂሉልካ'ዩ ምኽንያቱ ባዕሉ እግዚኣቢሄር
ተዓሪቑካ(ኪ) እየ ይብል ኣሎ ።
ተሪፉ ዘሎ መልሲ ዘድልዩ ሕቶ ግን ንስኻ(ኺ) ምስ እግዚኣቢሄር ተዓሪቅካ(ኪ) ድኻ
(ኺ)?
ምናልባት ኣነውን ምስ እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ክዕረቕ ይደልይ እየ ትብል ሰብ
እዚ ሕጂ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጸሎት ብልብኻን ኣፍካን ተዛረቦ።

ጎይታ የሱስ የመስግነካ ኣለኹ፣
ቃልካ ክሰምዕ ግዜን ቦታን ስለ ዝሃብካኒ፣
ጎይታ የሱስ ንስኻ ንዓይ ክትብል
ከም ዝተሰቀልካ ከም ዝሞትካን
ከም ዝተንሳእካን ብልበይ ይኣምን።
ብኣፈይ ከኣ ይምስክር ኣለኹ።
ኣነ ሕጂ ዳግም ተወሊደ
ሓድሽ ሰብ ኮይነ ኢየ
ብስም የሱስ ኣሜን።


ኣድራሻና:-
Add-Hagalundsgatan 9
169 65 solna, Sweden
e-mail:-kebronministry @yahoo.com
Facebook:- Kebron international Apostolic ministry.com
www.kiam.tv
Telephone 0046 (0)739 231 775 0046 (0)794 085 084

# ትሕዝቶታት

1 ህይወት ኣምላክ 6
2 ዉሉድ ኣምላኽ 8
3 ሓደ ኣካል ኢና 10
4 ዱናሚስ 12
5 ሰማያዊ ባንክ 14
6 ተባሪኽኩም ኢኹም 16
7 መንፈሳዊ እስራኤል 18
8 ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም 20
9 መንፈሳዊ ኣእምሮ (ዕዉት ኣእምሮ) 22
10 እግርን ዓይንን ሓደ እዮም! 24
11 ጥበብ ዘለዎ መን እዩ ፧ 26
12 ንወዲ ክመስል`የ ተጸዊዕ 28
13 ቅብኣት 30
14 ዉህበት እምበር ዓስቢ ኣይኮን 32
15 ምስ ኣምካኽ ሰላም ኣለና። ! 34
16 በረኸት ኣብርሃም ናትካ ወይ ናትኪ ኢዩ! 36
17 ቤትካ ዝቀተለ ኣይረኽበካን ዩ 38
18 ኩሉ ከኣ ይውሰኸልኩም 40
19 ሕቡእ ግናኽ ክቡር ሰብ መን እዩ ? 42
20 መልክዕን ምስልን ፍልልዮ እንታይ እዩ?... . 44
21 ጽድቂ ኣምላኽ ኣባይ ኣሎ! 46
22 ፈጺሙ ዘይከኣል ነገር 54
23 ቀቅድሚኻ ስለ ዝወጸ 56

# ጸሓፊ



እዛ ሕታም ናይ ብክርስቶስ ብፍሉይ ን መጀምርታ ትሕተም ዘላ ክትከውን ከላ ፡ እቲ ፍሉይነታ ከኣ ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝወጻ መጽሓፍቲን መጺሄታትን ዝተዋጽኣ ኣርእስታት ሒዛ ስለ ዘላ እዩ። እተን ኣብዚኣ ተመሪጸን

ተጻሒፈን ዘለዋ ኣርእስታት ብክርስቶስ ዝኾነልናን ዝኾንናዮን ናይ ሓዷሽ ፍጥረት ሓቅታት ዝገልጻን ዘረድኣ ኣርእስታት እየን። ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ዘሎ ጸሎት ከኣ ከም ሓድሽ ፍጥረት ክንብሎን ክንዛረቦን ዘለና ኣዋጃትን ኣገባብ ኣጸላልያን ብሓጺር ሒዛ ቀሪባ ኣላ።

# ህይወት ኣምላኽ

“ እንበኣርከ ንስካትኩም ድሕሪ ደጊም ከምቲ ኣህዛብ ቡቲ ከንቱ ዝኮነ ሓሳባት ዚኑብሩ ዝነበሩ ብኀይታ እነግረኩምን እሰመዓልኩምን ኣለኹ ። ንሳቶም ብሰሪ ትሪ ልቦምን ብሰሪ እቲ ኣብኣቶም ዘሎ ድንቁርናን ኣእምሮኣኦም ጸልሚቱ ፡ ካብ ሕይወት ኣምላክ ርሒቖም እዮም “

ኤፌ 4፡17-18

ብክርስቶስ የሱስ ዘየለዉ ካብ ህይወት ኣምላክ ርሒቆም እዮም ይብለና ኣሎ ፡ እዚ ማለት ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ናይ ኣምላክ ዓይነት ህይወት ኣለዎም ማለት እዩ ። ሓዋርያ ዩውሃነስ ውን ነዚ ሓሳብ መሊሱ እዩ ዘነጽሮ “ ንኣካትኩም ነዞም ብስም ወዲ ኣምላክ እትኣምኑ ፡ ናይ ዘልኣለም ሕይወት ከም ዘላትኩም ምእንቲ ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ ። “ 1ይ ዩው 5፡13

ህይወት ኣምላኽ ዘወ (ZOE ) ዝብል ቃል ናይ ግሪክ ዝሓዘ ኮይኑ ናብ ትግርኛ እንተ ተርጊምናዮ ትንፋስ ኣምላክ ዝብል ሓሳብ ኢና ንረክብ ። ሃዋርያ ጳውለስን ሃዋርያ ዩውሃንስ ህይወት ኣምላኽ ምስ ሞትኩም ክህልወኩም እዩ ወይ’ውን ሓደ እዋን ክትረኽብዎ ኢኹም ኣይኮኑን ዝብሉና ዘለዉ ። ህይወት ኣምላክ ጉይታ የሱስ ክንቅበል ከለና ዝተካፈልናዩ መለኮታዊ ህይወት እዩ ። ህይወት ኣምላኽ ገዛእን መላክን ህይወት እዩ ። ህይወት ኣምላክ ብ ዋላ ሓደ ናይ ጸላኢ ሓሳብ ክህረም ዘይክእል ዓይነት ህይወት እዩ ። ህይወት ኣምላክ እንዳገዘኤን እንዳሰዓረን ዝኸይድ ህይወት እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ብግልጺ እዚ ዓይነት ህይወት ተቐቢልኩምን ኣብ መንፈስኩም ኣሎ ይብለና ኣሎ ይብለና ኣሎ ።



ሎሚ ብዝተፈላለየ ነገር ንሳዕርን ንወድቕን እንተ ኣለና እቲ ነገር ብህይወትና እንበር ብህይወት ኣምላክ ኣይኮናን ገጢምናሉ ዘለና ። ሕጂ ነዛ መጽሓፍ ተንብብዋ ዘለኹም ምስ ኣምላክ ፍጹም ሕብረት ምግባር ነቲ ውሽጦም ዘሎ ህይወት ኣምላክ ተገሊጹ ነዚ ምድራዊ ህይወት እንዳጸለዎ ክመጽእ ጸልዩ ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መወዳእታ ንዓይ ህይወትይ ክርስቶስ እዩ ምባሉ ብዙሕ ነገር ስለዝነጸረሉ እዩ ።

# ኣዋጅ

ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ናይ ኣምላክ ዓይነት ህይወት ስለ ዝተቀበልኩ

ምድራዊ ህይወት ኣይጸልዎን እዩ ።

ብስም የሱስ ሓያል፡ ጻድቕን ዓይነት ህይወት ብክርስቶስ ተቀቢለ እየ።

ንዓይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ።

ኣሜን!

# ውሉድ ኣምላኽ

**"ውሉድ ኣምላኽ ተባሂልና ምእንቲ ክንጽዋዕ እግዚኣብሄር ኣቦ ከመይ ዘበለ ፍቕሪ ከም ዘለገሰለና እሞ ርኣዩ : ውሉድ ኣምላኽውን ኢና። ዓለም ንእኡ ሰለዘይፈለጦቶ እያ ንኣና ዘይፈለጠትና"" 1ዮሃ 3 : 1**

ውሉድ ኣምላኽ ምዃን ንሃዋርያ ዮውንስ ልዕሊ ጻዊዕቱ ዘሐጉሶ ልምምድ እዩ ዝነበረ። ካብታ ጽሕፍቲ ከም እንርድኦ ርኣዩ እሞ እናበለ ዩ ዝገልጽ ።ካብ ዓለም : ሓጢኣትን መረገምን ሓራ ወጺካ ውሉድ ኣምላኽ ምዃን እቲ ዝዓበየ መዳርግቲ ዘይበሉ በረኸት እዩ። ካብ መንፈሳዊ ዓለም ዘተፈላለዩ ዓይነት ጸጋን ጻውዒትን ብውልድነት ከይሓለፈ ከምዘይሰርሕ ኣርጊጽና ንፈለጥ።ኣብ ዘሓለፈክወን ሒደት ናይ ኣገልገሎት ዓመታተይ ውሉድ ኣምላኽ ምዃኖም ዘሕጎሱን ዝግረሙን ሰባት ዘጋተጠሙኒ ኣዝዮም ሒደት እዮም ። ኣብ ሓደ ሃገር ውሉድ (ወዲ/ጓል) ንጉስ ብምዃኖም ዝሰምዖም ሓይልን ትዕቢትን ኣጋጢምኩም ዶ ይፈልጥ? ብተመሳሳሊ መንገዲ ክቡር ኣንባቢ ንስኻ/ኺ ናይቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ ብሓቂ ወሉድ ተባሂላካ ከትጽዋዕ ዓቢ በረኸት እዩ።




ቀዳማይ ውልድነት ካብ ኣዳም ከኸውን ከሎ ካልኣይ ከኣ ተወሊድካ ወሉድ ዝኾንካሉ ካብ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ብምውላድካ እዩ ።

"ነቶም ዘተቐበልዎ ዘበሉ በስሙ ንዝኣመኑ ኩሎም ግና ወሉድ ኣምላኽ ክኾኑ ስልጣን (መሰል) ሃቦም። ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ደም ወይ ካብ ፍትወት ስጋ ወይ ካብ ድላይ ሰብኣይ ዘይተወልዱ እዮም ። ዮሃ 1 :12 -13

## ኣዋጅ

- ኣነ ወሉድ ኣምላኽ እየ።
- ኣነ ውሉዱ ስለዝኾንኩ ወራሲ ኣምላኽ እየ።
- ኣነ ወሉድ ኣምላኽ ስለዝኾንኩ ብኣምላኽ 'ዩ ነገረይ ዝውዳእ።
- ኣነ ወሉዱ ስለዝኾንኩ ይሕልወንን ይከናኸነንን እዩ።

# ሓደ ኣካል ኢና

**ንሳቶም ከኣ፡ ተሐሪድካስ ብደምካ ኻብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዚኹኑ ሰባት ዐዲግካሉ ኢኻ፡ ንኣምላኽና ዚኹኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም እሞ፡ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፡ ነቲ መሓተምውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፡ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ።"ራኢ. 5፡9**

**ሃዋርያ የውሃንስ ኣብ መጽሓፍ ራእይ የውሃስ ዝተዛረቦን ዝተነበዮን ብዛዕባ ምጽኣት ዓለም ጥራይ ጌሮም ዘወስድዎ ቅዱሳን ነቲ ኣብቲ መጽሓፍ(ራኢ. የውሃንስ ) ክረኽብዎ ዝግባእ በረኸት ተኻፊልቲ ክኾኑ ኣይረኣዩን እዮም። ብርግጽ ሃዋርያ የውሃንስ ብዛዕባ ትመጽእ ዓለምን መንግስትን ዝረኣዮ ኔሩ እዩ። ግን ከኣ ኣብ መጽሓፉ ዝተዛረቦ መብዛቲኡ ብቀጥታ ሕጂ ንዘለና ቅዱሳን መልእኽቲ ዝሓዘ መልእኽቲ ምኳኑ ክንዝንግዕ የብልናን። ሃዋርያ የውሃንስ ዝርኣዮ ራኢ ናብ ጎይታ ዝመጸ ሰብ ኩሉ ካበየናይ ዓሌት፡ ቋንቃ፡ ነገድ፡ ሃገር ....... ብዘየገድስ በቲ ዝፍሰሰ ደም ሓደ ከም ዝኾኑ  እዩ ዝዛረብ። ብካልእ ኣዘራርባ ኣብያተ ክርስትያናት ኮነ ኣሕዋት ናብ  ሓድነት ክመጹ ዝጽለ ጸሎትን ዝካየድ ጽዕርን ምስ ትሕዝቶ መልእኽቲ ሃዋርያ የውሃንስ ዝጻረር እዩ።**

ንሕና ከም ኣምንቲ ክንርእያ ዝግባእ ሓቂ ናይ ሓንቲ ኣካላት ዝተፈላለየ ክፍላት ኢና ማለት ንኣብነት ግሌና እግሪ ፡ ገሌና ኢድ፡ ገሌና ዓይኒ፡ ገሌና እዝኒ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ግሌና ኩሊት ገለና ጨጎራ ገሌና መዓንጣ....... ኮታ ክፋላት ውሻጠን ደገን ናይ ሓደ ስጋ ኢና

**"እምብኣርከ ንስኻትኩም ስጋ ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በብኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም።" 1ቆር12፡27**










ኩቡርሓንትስ ብጎይታ (ብክርስቶስ ኣሚኑ) ይድሓን እምበር ሓውኻ፣ ሓፍትኻ፣ ኣቦኻ፣ ኣደን ወዘተ እዮም። ምናልባኣት ኣብቲ ንስኻ እትከዶ ሕብረት ወይ ቤተክርስትያን ክሽዱ ዘይኮኑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ወይ'ውን ንሳኻት ትኣምኖ ዶክትሪን (doctrin) ከይቅበል ይክእል እዮም ግናኸ ሕጂ'ውን ብክርስቶስ ስለዝደሓኑ ምሳኻ ሓደ ስጋ እዮም።

## <u>እዋጅ</u>

**ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ምስ ኩሎም ብጎይታ ዝኾኑ ኣሓት ኣሓዋተይን ሓደ ኣካል እየ።**

**ኣነ ምስ ኣብ ሕብረትና ከኣ ቤተክርስትያን ወይ ኣብ ናትና ራኢ ዘየለ ሰብ ብክርስቶስ ክሳብ ዝደሓነ ሓደ ኣካል እዩ።**

**ኣነ ምስ ኣሕዋተይ ሓደ ስለዝኮንካ ናታቶም ጉዳይ ይምልከተኒ እዩ ብስም የሱስ እሜን።**

# ዱናሚስ

"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና፣ ሓይሊ ክትቅበሉ፣ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም፣ በሎም፣" ግብ—1፥8

ዱናሚስ ዝብል ቃል መበገሲኡ ግሪኽ ኮይኑ ናብ ናይ እንግሊዝኛ ክትርጎም ከሎ dynamic (ዳይናሚክ) ዝብል ትርጉም ይሕዝ። ዳይናሚክ ማለት ተኣምራታዊ ሓይሊ ክገብር ዝኽእል ወይ ከኣ ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ነገር ክትሓስብን ክትገብርን ዝኽእለካን ዝድርኸካን ሓይሊ ማለት እዩ። ክርስትያናት ብመንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ተመሊኦም ብቛንቋታት ክጽልዩ ከለዉ ኣብ ውሽጦም ዝንቀሳቀስ ዳይናሚካዊ ሓይሊ ኣሎ። ንኣብነት እሳተ ጎመራ ካብ ምድሪ ክለዓል ከሎ ኣብ ዘይተጸበናዮን ዘይተዳለናሉን ግዜን ቦታን ብድንገት ካብ ትሕቲ መሬት ሓዊ ወጺኡ እዩ ናብ ምድሪ ዝላባዕ። ነዚ ሓይሊ ክቆጻጸር ዝኽእል ከኣ የለን። ጎይታ የሱስ ምስ ተቀበልና ብፍላይ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ተመሊእና ብቛንቋታት ክንጽሊ ምስ ጀመርና ዱናሚስ ክሰርሕ እዩ ዝጅምር ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጥና ዘቀመጦ ባዕልና ነንቀሳቅሶ ፍቱሕ መንፈሳዊ ቦምብ ኣይኮነን ማለት ሓደ ዝተዓምቀ ሓይሊ ክንፈትሖ ዝግበኣና ቦምብ ኣቀሚጡ ኣሎ ። እዚ መንፈሳዊ ቦምብ እዚ ብክፍትሓሉ ዝግባእ ቁልፍታትን ክንፈትሖ እንተደኣ ኪኢልና ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ነገር ወይ ዓለም ዘይተጸበየቶ ነገር ወይ'ውን ኣእምሮና ዘይቅበሎ ወይ ከኣ ናይ ሰባት ኣተሓሳስባ ዘይቅበሎ ክንገብር ይደፍኣናን ይድርኸናን ይቀብኣናን ማለት እዩ። ሎሚ መዓልቲ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሌኹም ዘሎ ነገር ክንቀሳቀስ እጽሊ ኣለኹ።





ስለዚ ኣበየናይ ቦታ ሃሊኻ ሓወይ ወይ ሓፍተይ ተሰኪምካዮ ዘለኻ ሓደ ሓያል ዝኾነ መንፈሳዊ ቦምብ ግና'ኸ እንተ ተፈቲሑን ተንቀሳቒሱን ንዓኻን ኣብ ከባቢ'ኻን ዘለው ሰባትን በረኸትን ለውጢን ከምጽእ ዝኽእል ነገር እዩ። ሓወይ ወይ ሓፍተይ ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾነ ነገር ክትገብርዶ ወይ 'ውን ክትዛረብ'ዶ ትደሊ ኢኻ?

እዚ ዱናሚስ ተባሂሉ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ ኣንቀሳቅሶ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ሎሚ ለውጢ ክትርኢ ኢኻ።

# ኣዋጅ

**ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣነ ተኣምራት ክገብር ይክእል እየ።**

**ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣነ ቀሊል ሰብ ኣይኮንኩን።**

**ብስም የሱስ ክርስቶስ ወንጌል ኣብ ዝነግረሉ ጊዜ ሓይሊ ኣምላኽን ህላውነት ኣምላኽን ብኣይ ይግለጽ እዩ።**

# ሰማያዊ ባንክ

**"መዝገብካ ኣብ ዘለዎ፣ ኣብኡ ድማ ልብኻ ኣሎ። ስለዚ ብልዒ ኣብ ዘይበልዖ፣ ነቐዝ ኣብ ዘየንቅዞ፣ ሰረቕቲ ኸዒቶም ኣብ ዘይሰርቅዎ ኣብ ሰማይ ደኣ መዝገብ ግበሩ እምበር፣ ብልዒ ኣብ ዚበልዖ፣ ነቐዝ ኣብ ዜንቅዞ፣ ሰረቕቲ ኸዒቶም ኣብ ዚሰርቅዎ ኣብ ምድሪ ንኣኻትኩም መዝገብ ኣይትግበሩ።"ማቴ 6፥19-21**

ጎይታና መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ኣብ ምድሪ ሰማይ ዘለዋ ባንክታት እዩ ዘነጻጽር ዘሎ። ንኣብነት ኣብ ምድሪ ዘሎ ባንክ ገንዘብካ ክትሓብእ ከሎኻ ወይ ኣውናቕካን ኣእማንካን ክትሓብኦ ከለኻ ሰረቅቲ ከም ዝረኽብዎ ይዛረብ። እዞም ሰረቕቲ እዚኦም ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ መናፍስቲ ክኾኑ'ውን ይኽእሉ። ኣብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ካልኣይ ባንክ ውን ምቕማጥ ይከኣል እዩ ፡ ግን ኣብዚ ቦታ እዚ መናፍስቲ ዓለም ኮነ ኣብ ግኡዝ ዓለም (ኣካላዊ) ዘለዉ ሰረቀቲ ኣይረኽብዎን እዮም ኢሉ ይዛረብ። ከመይ ጌርና ኢና ግን ገንዘብናን ወርቅናን ብሩርናን ትሕዝቶናን ኣብ መንፈሳዊ ባንክ ወይ ድማ ኣብ እግዚኣብሄራዊ ባንክ ነቀምጦ ??

"እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኵሉ ኽፍኣት እዩ እሞ፣ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ፣ ናብ ርእሶምውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ።"1 ጢሞቴዎስ 6፡10

ኣብዛ ጽሕፍቲ እንተርኢናያ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝዛረቦ ዘሎ ነቶም ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣብ ቤተክርስትያን ዘሎዉ ሃባትም ኣብ ሰማያዊ ባንክ መታን ክእክቡ ኣብዚ ምድሪ እዚ ለጋሳት ይኹኑ ይብል።

ስለዚ ልግሲ ንድኻታት ንዘመውቲ ንኣመንዝራታት ንክኢላታት ንዘይክእሉ ኣብ ሕማቅ ሂወት ንዘለዉ ሰባት ብገንዘብካ ረቢሕካ ናብ ትኽክለኛ ዕዮ ምምጻእ ወይ ከኣ ንጽጉማት ምሃብን ምልጋስን ኣብ ሰማያዊ ሰፍራ ወይ ድማ ኣብ ናይ ሰማይ ባንክ ገንዘብካ ምቅማጥዩ ምዃኑ ድማ ይዛረብ።




ከመይ ጌርና ኢና ከምዚ ንገብር፣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሕቶ ይኣትዉ እዮም። ከመይ ጌርና ኣብ ሰማይ ገንዘብና ነቀምጦ እንታይከ ክንገብር ኣሎና ንዝብል ሕቶ ኣብኡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቀዲሙ ተዛሪቡ ኣሎ።

"ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም (ይወሃበኩም)።"ማቴዎስ 6፡33

ስለዚ ቅዱሳን የሕዋተይ ገንዘንኩም ኣብዚ ምድራዊ ዓለም ወይ ድማ ኣብዚ እንርእዮ ዘሎና ዓለም ጥራይ ዘይተሓጽረ ኣብ ሰማያዊ ዓለም ክጸንሓኩም ኣንተደኣ ደሊኹም ሕጂ ኣብ ግኡዝ ዓለም ዘሎ ገንዘብኩም ንድኻታት ንዘይብሎም ንኣብፍጹም ውጽዓ ንዘለዉ ሰባት ከተበርክቱ ክትህቡ ክትልግሱ ፍቃድ ኣምላኽ ምኻኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ ኣሎ።

ጸሎት

እግዚኣብሄር ኣምላኽ የመስግነካ ኣሎኹ ብስም የሱስ ክርስቶስ እዚ ሓቂ ስለ ዝገለጽካለይ ተመስገን ሎሚ ዝሃብካኒ ንዘርኢን ቀለብን እዩ። ብስም የሱስ ክርስቶስ እቲ ቀለብ ክቅለቦ ብስም የሱስ ክርስቶስ ከኣ እቲ ዘርኢ ክዘርኦ ስለ ዘፍለጥካኒ ተመስገን ብስም የሱስ ክርስቶስ ዘርአይ ብምዝራእ ኣብ ናትካ ባንኪ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘሎ ባንክ ገንዘበይን ትሕዝቶይን የቀምጥ ኣሎኹ ብስም የሱስ ክርስቶስ ጽባሕ ስለዝረኸቦ ተመስገን።ኣሜን።


# ተባረኽኩም ኢኹም

**"እቲ ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ ገይሩ ኣብ ሰማያት ዘባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን።" ኤፌ-1፥3**

ሃዋርያ ጳውሎስ ንማሕበር ኤፌሶን ይጽሕፈሎም ከም ዘሎ ብሙሉእ ከም ዝባረኹ ውይ ድማ ኣብ መጻኢ ሂወቶም ከም ዝባረኹ ዘይኮነስ፥ ሓንሳብን ንሓዋሩን በቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝሰርሖ ስራሕ ሙሉእ በረኸቶም ከም ዝተቐበሉኡ እዩ። ቡዙሕ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተክርስትያናት ወይ ድማ ኣሕዋት በረኸት ክሓቱ ወይ ክልምኑ ንሰምዕ ኢና፥ ግናኸ ካብቲ ጽሑፍ ወጻኢ እዩ። ወይ ዉን ኣብ ገለ ኣሕዋት ወይ ትቐርቦም ሰባት ክትባረኽ ክትገብሮም ዘለካ ነጥብታት ወይ ትእዛዛት ብዝብል ናብ ሕጊ ዝመልስ ዘይተደልየ ዓይነት ፍልጠት ክሰዱ ወይ ክምህሩ ንርኢ ኢና። ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ናብዛ ዓለም ዝመጻሉ ሓደ ምኽንያት ፡ እቲ ብኣዳምን ሄዋንን ምስሓት ምኽንያት ሰይጣን ኣታሊሉ ዝወሰዶ ምርኮ ምምላስ ነበረ። ሓደ ካብኡ ድማ እቲ መንፈሳዊ በረኸት ካብ ሂወትናን ካብ ናብራናን ካብ ባህርናን ሙሉእ ብሙሉእ ስኢናዮ ብስጋዊ ትምኒት ወይ ድማ ብናትና ፍቓድ ኣብ ንምርሓሉ ዝነበርና እዋን የሱስ ስለና ኣብ መስቀል ብምስቃል መንፈሳዊ በረኸት ናብ ሂወትና ወይ ድማ ናብ መንፈስና ክመጽእ ከም ዝገበሮ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። ስለዚ ኸኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንስኻትኩም ተባሪኽኩም ኢኹም ብመንፈሳዊ ነገር ውይ ትሕዝቶ ወይ ጉልበት ዝብል ዘሎ። ትሕት ኢሉ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ጽሑፍ በብሓደ ይገልጾ ወይ ድማ እዚ ማለት ጸጋ ኣብ ውሽጥና ኣሎ ሓይሊ ኣብ ውሽጥና ኣሎ ናይ እግዚኣብሄር ብቅዓት ኣብ ውሽጥና ከም ዘሎ ሓጥያት ይቅረ ከም ዝተባህለልና ንሱ ከም ዝፈትወና እንዳበለ ብተደጋጋሚ ካብ ቀዳማይ ምዕራፍ ኤፌሶን ክሳብ ካልኣይ ምዕራፍ ዘሎ ይዛረብ።





ሎሚ መዓልቲ ኲቡር ኣንባቢ ሓወይ/ሓፍተይ ከም ዝተባረኽካ ትፈልጥ ዲኻ ወይስ ገና ክትባረኽ ኢኻ ትጽሊ ዘለኻ፤ ኣዚ ዝዛረቦ ዘለኹ ብዛዕባ መንፈሳዊ በረኸት ድሕሪ ስቅለት የሱስ ኣብ መንፈስና ከም ዝኣተወ እዩ ። ሎሚ መዓልቲ ሓደ ብስራት ኣለኒ ተንብብ/ቢ ዘለኻ/ኪ ሓው ሓፍቲ ተባሪኽኩም ኢኹም ምንናልባት ገለ ገለ ሰባት ኣስተውዒለ ኣለኹ ፍቅሪ ይወሰኸኒ እምነት ይወሰኸኒ ጸጋ ይወሰኸኒ ሓይሊ ይወሰኸኒ  ወይ ድማ ዝጽልዩ ወረ ሓደ ሓደ ኣዝዮም ነዊሕ ሰዓታት ነዊሕ መዓልታት ዝጾሙ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣይሰኣኑን እዮም። ቃል ኣምላኽ ግን ይዛረበና ኣሎ። ንኽትባረኽ ጾም፡ጸሎት፡ወይ ዝተፈላለየ ነገር ምግባር ኣየድልየካን እዩ።

# ኣዋጅ

ኣነ ብእምነት እምበር

ብምርኣይ

ኣይመላለስን እየ።

ብስም የሱስ

ዝኣመንክዎ

ኣብ ኢደይ ኣሎ።

ብስም የሱስ

ዝርኣኽዎ ዘይኮነስ

ቃሉዩ ዝወርሰኒ።

እግዚኣብሄር ንእስራኤል ኣነ ዝሓሰብክዎ ነገር ስለ ዘሎ ከስፍሓኪ ኩብዝሓኪ ስለዝኾንኩ ኣቀዲምኪ ተዳሊኺ መጋረጃ ጌርኪ ናትኪ መጋረጃን ናትኪ ስፍራን ኣስፍሕዮ ይብላ ኣሎ። እዚ ብመጽሓፍ ቅዱስ ናይ እምነት ስጉምቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ።  እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብዛዕባ ሂወትና፣ ጥዕናና፣ ናብራና ዝኣተወልና ተሰፋን  ናይ ኪዳን ቃልን ኣሎ።ንገለገሌና ብሕልሚ፣ ብራኢ፣ ብትንቢት፣ ብቃሉ ኣምላኽ ብዛዕባና ቃል ኣውጺኡ ኣሎ። ............

# መንፈሳዊ እስራኤል

**በቲ ዘመን እቲ ብዘይ ክርስቶስ ከም ዝነበርኩም፣ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፣ ነታ ኪዳን ተስፋውን ኣጋይሽ፣ ትጽቢት ዘይብሎም፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ከም ዝነበርኩም ዘክሩ። ኤፌ -2፥12**

ኩላትና ከም እንሰማምዓሉ እስራኤል ብዓይኒ እግዚኣብሄር ሕሩያት ኮይኖም ተመሪሖም ጸላእቶም እናረገጹ ብምድረበዳ ሓሊፎም ሃገር ዝኾኑ ህዝቢ እዮም። እግዚኣብሄር ካብ 7-8 ሽሕ ተስፋታት ኣምላኽ ንህዝቢ እስራኤል ክኣቱ ከሎ ስለ ዝሓረኾኹም እምበር ብዙሓት ወይ ብርቱዓት ስለዝኾንኩም ኣይኮነን ክብሎም ከሎ ኢና ንርእዮም። ኣነን ንስኻትኩምን ኣህዛብ ተባሂልና ንጽዋዕ ካብ ኪዳን ኣምላኽ ኣዚና ዝረሓቅና ኢና ዝነበርና።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣይሁድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እቶም ብስጋ እንርእዮም ኣይሁድ ወይ ግዝረት ስጋ ስለ ዝፈጸሙ ከም ብሉይ ኪዳን ዘርኢ ኣብርሃም ዝበሃሉ ዝነበሩ ዘይኮነ ብመንፈስ ቅዱስ ልቦም ዝተገዝረ ሰባት እዮም። ብዚርኤ ኣይሁዳዊ ምኳን ኣይሁዳዊ ኣይኩነን እሞ፣ እታ ብዝርኤ ኣብ ስጋ እትግበር ግዝረትውን ግዝረት ኣይኰነትን። እቲ ብውሽጢ ኣይሁዳዊ ዝኾነ ግና፣



ንሱ ኣይሁዳዊ እዩ። እታ ግዝረት ከኣ ግዝረት ልቢ ብመንፈስ እያ እምበር፡ ብፊዴል ኣይኰነትን። እቲ ንእዱኡውን ካብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካብ ሰብ ኣይኰነን። (ሮሜ 2፡28-29)

ሃዋርያ ጳውሎስ ንስኻትኩም መንፈሳውያን ኢኹም ክብል ከሎ ተስፋታት ኣምላኽ ኩሉ ውን ይምልከተኩም'ዩ እዩ ዝብለና ዘሎ። ክቡር ኣንባቢ ብሉይ ኪዳን ዘንበብካዮ ተስፋታትዶ ኣሎ? እምበኣር ሕጂ ይምልከተካ ጥራይ ዘይኮነስ የሱስ እቲ ስርዓትን ሕግን ፈጺሙልካ ስለ ዝኾነ ብክርስቶስ የሱስ ናትካ/ኪ እዩ።

# ኣዋጅ

## ኣነ መንፈሳዊ እስራኤላዊ እየ።
## ኣነ ደጊም ዘይግዙር ኣይኮንኩን።
## ብስም የሱስ ልበይ ብመንፈስ ቅዱስ ተገዚሩ እዩ።
## ተስፋታት ኣምላኽ ብስም የሱስ ናተይ እዩ።
## ኣሜን።

# ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም

"ኣቱም ደቀየ፡ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣብኻትኩም ዘሎ ዚዐቢ ስለ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም ኢሎኹም።"1የው 4፥4

ብዙሕ ግዜ ናይ ክርስቶስ ምዃንና ንዛረብን ንዝምርን ኢና። እዚ ሓደ ሓቂ ኮይኑ መሰረቱን ንድሕረ ባይቱኡን

እንታይ ይመስል?

ንኣብነት ደቀይ ካብ ኣዲኤን ምስ ተወልዳ እየን ናይ ኣዲኤን ኮይነን ዘለዋ። ብኻልእ ኣዘራርባ ካብ ውሽጢ ኣዲኤን ስለዝወጻ ኣዲኤን ናተይ ክትብለን ከምኡ'ውን ንሳተን ናትና ክብለኣ ንቡርን ሓቅን እዩ። ጎይታ የሱስ ቡዙሕ ግዜ ናይዛ ዓለም ከምዘይኮነ ይዛረብ ኔሩ። ምኽንያቱ ካብዛ ዓለም ኣይመጸኹን ከኣ ይብሎም ነበረ። ጎይታ የሱስ ምስ ተቀበልና መንፈስ ቅዱስ ንየሱስ ክርስቶስ ናብ መንፈስና ምስ ኣእተዎ። ንሕና'ውን መንፈስ ቅዱስ ናብ ውሽጢ የሱስ ይእትወና እዩ። ስለዚ ኣነን ንስኻትኩምን ካብ ውሽጢ ኣምላኽ ኢና። ስለዝኾንና ከኣ ነቲ ክፉእ ሲዕርናዮ ኢና። ጸላኢ ምሉእ ብምሉእ ክትስዕሮ ዘድልየና ቀዳማይ ኣጽዋር ካብ ኣምላኽ ምዃንና እዩ።



ብተወሳኺ ካብ ኣምላኽ ምስ ኮንካ ምሉእ ብምሉእ ናተይ እዩ እንተዘይበልካ'ዮ ካብኡ ስለ ዝወጻእካ ባዕሉ ናተይ ክብለካ እዩ። ክቡር ኣንባቢ ተቢዕካ ከምዚ በል ፡

"በዛ ለይቲ እዚኣ እቲ መልኣኽ ናይቲ ኣነ ዝናቱን ዘገልግሎን ኣምላኸይ ኣብ ጥቓይ ደው ኢሉ፡ ጳውሎስ፡ ኣብ ቅድሚ ቄሳር ደው ክትብል ኢኻ። እንሆ፡ ነቶም ምሳኻ ዚሳገሩ ኹላቶምውን ኣምላኽ ሂቡካ ኣሎ፡ ኣይትፍራህ፡ በለኒ።"ግብ27፡23-24

## ኣዋጅ

ኣነ ናይ ጎይታ እየ
ኣነ ብስም የሱስ ናይ ዋላሓደ
ክኸውን ኣይደልን ፡
ኣይክእልን ከኣ እየ።
ንዓይ ናተይ ኢኻ ዝብለኒ
ጎይታ ጥራይ እዩ።

# መንፈሳዊ ኣእምሮ (ዕዉት ኣእምሮ)

**“እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን ኣይኩነሉን ድማ እዩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ።” ሮሜ 8፡6-7**

ስጋዊ ኣእምሮ ከምዘሎ ኩሉ መንፈሳዊ ኣእምሮውን ኣሎ። ኩልና ከምንፈልጦ ሓደ ነገር ኣቐዲምካ ከምዝሓሰብካዮ ኢኻ ትዛረቦ ወይ ትገብሮ ወይ’ውን ዝኾውን። “ብላዕ ስተ፡ ይብለካ፡ ኣብ ውሽጡ ግና ተጸባጺቢ እዩ እሞ፡ ልቡ ምሳኻ ኣይኩነን።” ምሳ 23፡7

ሓደ ሰብ ዝኾነ ነገር ዘየለ ኣቀዲምም ኣብ ኣእምሮኦም ገለ ነገር ከምዝኸውን ከቢድ ስግኣት ኣለዎም። ኣቀዲምና ከምዝርኣናዮ ክርስትያናት ክነሶም ስለምታይ ቀልጢፎም ከምኡ ይሓስቡ’ዶ ኢልካ ትኸውን ? ብዙሕ እዋን ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ከምዝበልናዮ ኣእምርኦም ኣንደገና ከም ቃል ኣምልኽ ኣይሰርሕዎን ማለት ኣእምርኦም ብብዙሕ ነገር ሓሊፉ ተበላሽዩ ዝመጸ ስለዝኾነ ብኸምኡ ዓወት ጥራይ ክሓስብ ኣይትጽበዮን ኢኻ። ግን ብብዙሕ ቃል ምንባብ ወይ’ውን ዓወት ዘወረዮ መጽሓፍቲ ብምንብብ ኣእምሮና ካብ ፍርሓትን ስርዓትን ሓራ ከነውጽእ ንኽእል ኢና። ዕዉት ኣእምሮ ኩሉሳዕ ዓወት ዝሓስብ ማለትዩ ዘኮነስ ዓወት ንኽሓስብ ኣጸቢቑ ብቓል ኣምላኽ ዝተቓነየ





ዝሰፈሮ ኣእምሮ'ዩ። ንኣብነት ዘሎናዮ ዓዲ ዘጋጠመና ነገር ብፍላይ ናይ ጥዕና ሽግር ምስ ካንሰር (Cancer ) ከተሓሕዝዎ የርኣዩ። ምኽንያቱ ኣእምሮኦም ፍርሓት ዝተመልአ ስለ ዝኾነ። ዕዉት ኣእምሮ፥ ዝርእዮ ፈውሲ ምስጋር ጥዕና ዓወት... እዩ። ካብቲ ዝገርም ከኣ ዝሓልፍዎ ዘለዉ ጎደና ከምቲ ዝደልዮ ዘይኮነ ክነሱ ኣቀዲሞም ዝርእይዎ ኣእምሮ እዩ።

ኣዋጅ

ኣነ ዕዉት ኣኣንሮ ኣሎኒ

ኣነ ናይ ክርስቶስ ኣእምሮ ኣሎኒ

ኣነ ተዓዋቲ እየ ኣሜን።

ብርሃን 2016 ቁጽሪ 11


....ፍረ ዘለዎ ህይወት ምእንቲ ክህልው ኣብ ደንደስ ሩባ ክንቕመጥ ከም ዘለና እዩ ዝዛረብ። ዘማራይ ወይ ድማ ነቢ ዳዊት ኦም ክጠቕሳ ከሎ ፍረ ኣለዋ ይብል ኣሎ። ሓንሳብ ትፈሪ ሓንሳብ ከኣ ትደርቕ ዘይኮነ ኩሉ ግዜ እያ ተፈሪ ካብ ፍረ ናብ ፍረ እያ ትኸይድ ይብል ኣሎ። ምስጢራ ክዛረብ ከሎ ዘማራይ ዳዊት ኦም ምኽና ዘይኮነስ ኣብ ደንደስ ሩባ ማይ ኣብ ዘለዎ ቦታ ኩሉ ሳዕ ሰለ ትርከብ እዩ። ኣብ መንፈስዊ ዓለም ብክርስቶስ የሱስ ዳግም ምስተወለድና ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ መጀመርታ እዋናት ብዙሕ ናይ

# እግርን ዓይንን ሓደ እዮም!

" ከምቲ ስጋ ሓደ ኽነሱስ፡ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፡ ብዘሎ እቲ ኣካላት ስጋ ኸኣ፡ ብዙሕ ክነሱስ፡ ሓደ ስጋ ዝኾነ፡ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ።ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡ ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ ሰቴና።እቲ ስጋ ኸኣ ብዙሕ እምበር፡ ሓደ ኣካል ኣይኰነን እሞ፡እግሪ፡ ኢድ ካብ ዘይኰንኩስ፡ ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለ፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃኑ ይተርፎ እዩ፧ እዝኒ ድማ፡ ዓይኒ ኻብ ዘይኰንኩስ፡ ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለት፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃና ይተርፍ እዩ፧ ብዘሎ እቲ ስጋ ኹሉ ዓይኒ እንተ ዚኸውን ደኣ፡ ምስማዕ ኣበይ ምተረኽበ፧ እቲ ስጋ ኹለንትናኡ ምስማዕ እንተ ዚኸውንከ፡ ምሽታት ኣበይ ምተረኸበ፧ ሕጂ ግና ኣምላኽ፡ ንሱ ኸም ዝደለዮ ገይሩ፡ ነቲ ኣካላት ንነፍሲ ወከፉ ኣብቲ ስጋ ሰርዖ።ኩሉ ኣካላት ሓደ ኣካል ጥራይ እንተ ዚኸውንከ፡ እቲ ስጋ ኣበይ ምሃለወ ፧ ሕጂ ግና ኣካላት ብዙሕ፡ እቲ ስጋ ግና ሓደ እዩ።ዓይኒ ንኢድ፡ ኣይደልየክን፡ ክትብላ ኣይከኣላን እዩ፡ ወይስ ርእሲ ድማ ነእጋር፡ ኣይደልየኩምን፡ ክትብሎም ኣይከኣላን እዩ። እቶም ድኹማት ዚመስሉ ኣካላት ስጋ እባ ግዳ እዮም ኣዝዮም ዚድለዩ። ነቲ ኣብ ስጋ ዘሎ ሕሱር ዚመስለና ኸኣ፡ ብዚበዝሕ ክብሪ ንኸድኖ፡ ንሓፍረትናውን ኣዚና ብኽብሪ ንኽውሎ። እቲ ኽቡር ኣካላትና ግና እዚ ኣየድልዮን እዩ። ግናኸ እቲ ኣካላት ንሓድሕዱ ሓደ ሓልዮ ኺህልዎ እምበር፡ ኣብቲ ስጋ ምፍልላይ ምእንቲ ኸይከውንሲ፡ ኣምላኽ ነቲ ኽብሪ ዝጐደሎ ኣካል ዚበዝሕ ክብሪ እናሃበ፡ ነቲ ስጋ ኣጋጠሞ። ሓደ ኣካል እንተ ተሰቀየ፡ ኩሉ ኣካላት ይስቀ፡ ሓደ ኣካል እንተ ኸበረ ኸኣ፡ ኩሉ ኣካላት ሐቢሩ እዩ ዚሕጐስ። እምብኣርከ ንስኻትኩም ስጋ ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በብኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም።"1ቆረ 12፥12-2 እግሪ ንኣካላትና ኢሉ ጾዊራ ትኸይድ ኣካልያ። እግሪ ርእሲ ዛኣዘዛ ትገብር ኣካልያ። ግናኸ ሓደ መዓልቲኳ

**ዝኾነ ይኹን ሰብ ኀይታ የሱስ ድሕሪ ምቕባሉ ኣብ ውሽጢ ኣካል ክርስቶስ ከምዝኣተወ መ/ቅ ይዛረበና።መሪሕ ቤት ክርስትያንን ሎሚ ምድሓን ዝኣወጀ ሓድሽ ነፍስን ከምኡውን ንነዊሕ እዋን ንምላኽ ዝዘመረን ካብ ደርፊ ዓለም ናብ ኀይታ ዝመጸን ኩሎም ኣብ መብፈሳዊ ዓለም**





ክርስቶስ ናብ ዝበሃል ሰፍራ ( መዕቀቢ) ስለዝኣተወ ሓደ እዮም።    ኣብ ላዕሊ ስለ ዝተጻሕፈ እቲ ነዚ ሓቂ መሊሳያ ተጉልሖ። እግሪ! ጫማ ኣብ ዝበሃል  ገዛ (ሰፈር) ተሓቡኣ ትነብር።እግሪ ንሓደጋ ኣጉረምሪማ ወይ ትሕቲ ካልእ ክፍሊ ኣካላትዘላ መሲልዋ ኣይፈልጥን'ዩ።ንኣብነት ኣብ ጉያ ስፖርት እንተርኢና ብሓይሊ ትደኽሞ እግሪ እያ እቲ ዝገርም ግን ስልጣን ትወስዶ ኢድ እያ። እግሪ በዚ ጉዳይ ከሲሳ ኣይትፈልጥንያ።ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዘጠቕም ኣካል የሎን ከምኡውን ንፍሉይ ሰብ ዝበህል ኣይሰርሕን እዩ። ኣቦ ብስም የስይስ እጽሊ ኣሎኹ ዝደኸመት ሓቤማ/ሓነታት ሓይልኻ ይምለስ ብስም የሱስ ኣሜን። ክቡር ኣንባቢ ኣስተውዕል፡እቲ መብፈሳዊ ህይወቱ ዝደኸመ ትብሎ ኣባል እኳ ናይ ገዛእ ርእሱ (እጃም) ኣለዎ እሞ ኣዝዩ የገድሰካዩ። ብዙሕ ግዜ ኣብ ዝርኤ መሪሕነት ዘለዎ ማለት ኣብ ኣካላትና ከም ዓይኒ ዝኣመሰሉ ዝርኣዩ ኣካላት ጥራይ ከነቅልብ ኣይግባእንዩ።ኣብ ኣካላት ሰብ ሓንቲ ምጉዳል ንመላእ ኣካላት ሰብ ስቓይ ከዝስምዖ ኩሉ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም'ውን ብሓንቲ ትጠፍእ ዘላ ኣካል ክንጽልን ክስምዓናን ይግባእ።

**ሃዋርያ የውሃንስ ዝርኣዮ ራኢ ናብ ጎይታ ዝመጹ ሰብ ኩሉ ካበየናይ ዓሌት፡ ቋንቃ፡ ነገድ፡ ሃገር ....... ብዘየገድስ በቲ ዝፍሰሰ ደም ሓደ ከም ዝኾኑ  እዩ ዝዛረብ። ብካልእ ኣዘራርባ ኣብያተ ክርስትያናት ኮነ ኣሕዋት ናብ  ሓድነት ክመጹ ዝጽለ ጸሎትን ዝካየድ ጽዕርን ምስ ትሕዝቶ መልእኽቲ ሃዋርያ የውሃንስ ዝጻረር እዩ።**

# ጥበብ ዘለዎ መን እዩ ፧

**"ፍረ ጻድቕ ኦም ህይወት እዩ። ጥበበኛ ኸኣ ነፍሳት ይረብሕ።"**
**ምሳ 11፥30**

**ኣብ መጽሐፍ** ቅዱስ ብዛዕባ ጥበብ ኣብ ብዙሕ ቦታ ተዘጊቡ ንረኽቦ ኢና። ኣብ ውሽጣዊ ሰብና ምልዕዓል ክመጽእ ከሎ ወንጌል ንምንጋር እዩ ዝድርኸና። ጥበብ ዘለዎ ለባም ሰብ ዝጠፍኡ ኣብ ምድላይ ከምዝዋፈር ጥበበኛ ሰለሙን ይዛረበና ኣሎ ።ኣብዚ ጉኡዛዊ ዓለም እኳ ከይተረፈ ለባም ሰብ ብዛዕባ ካልኦት`ውን ዝሐስብ ብምባል ይገልጽዎ። ብክርስቶስ የሱስ ዳግም ዝተወለደ ብሐይሊ መንፈስ ቅዱስ ጥበብ ኣምላኽ ኣብ መንፈሱ ኣትዩ እዩ።

**"ግናኸ እቲ ጽሑፍ፥ ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር ይመካሕ፥ ዚብሎ ምእንቲ ኺፍጸም፥ ንስኻትኩም ካብኡ ኣብቲ ኻብ ኣምላኽ ንጥበብን ጽድቅን ምቕዳስን ምድሓንን ዝኾነልና ክርስቶስ የሱስ ኢኹም"**1ቆረ 1፥30-31

-ጥበብ ከም ዘለዎም ሰባት ነፍሳት ኣብ ምምራኽ ክንጓየ እግዚኣብሔር የዕንትና ይኽፍት። ብዙሕ ጊዜ ጥበብ ኣምላኽ ኣብ መንፈስና ካብ ዘይምንቅስቓስ ዝተለዕለ ወንጌል ምንጋር ዝምልከተና ኮይኑ ኣይስማዕናን`ዩ። ወንጌል ምንጋር ንፍሉያት ሰባት ዝተዋሃበ ሕድሪ ዘይኮነስ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዘለዋ ኣባላት ዝሳተፍዋ ዓብይ ዕዩ ገዛ እዩ።

**"እቶም ጠቢባን ከም ምንጽብራቕ ጠፈር፣ እቶም ንብዙሓት ናብ ጽድቂ ዚመርሑ ኸኣ ከም ከዋኽብቲ ንዘለኣለም ኣለም ኪበርሁ እዮም። " ዳኒ** 12:3

ጥበብ ኣምላኽ ዘላካ ሰብ ዲኻ ፣ሎሚ ስራሕካ ጀምር ኣብ ናትካ ዓለም ማለት ገዛኻ ፣ መሳርሕትኻ፣ መማህርትኻ፣ ኮነ ክንዮ እዚ ዘለዉ ሰባት ወንጌል ሰበኽን ተዛረብን። ብቃል ኣምላኽ መጽናዕቲ መሰረት ካብቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ ኣብ ብርሃን ዘለዉ ኣዝዮም ይበልጹ።





"ብዙሓት፣ ንሰናይ መን እዩ ዜርእየና፣ ይብሉ ኣለዉ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ብርሃን ገጽካ ኣብርሃልና።"መዝ4፡6

ሎሚ ንዓይን ንዓኻን ይዛረብ ኣሎ`ሞ ተንስእና ወንጌል ንስበኽ ሃዋርያ ጳውሎስ ጥበብ ዘለዋም ሰባት ኮይንና ክንመላለስ እምበር ዓያሹ ከይንኸውን ድሕሪ ምምካሩ መንገዲ ክሕብረና ከሎ መንፈስ ይምላእኩም ይብለና ጥበብ ኣምላኽ ካብ ውሽጥና ንምግላጽ ቀጻሊ መንፈስ ንምምላእ ክንጽልይ የድይለና`ዩ

"ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትሰከሩ። ግናኸ ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔን ብልብኹም ንጐይታ እናተቐኔኹምሉን እናደረስኩምሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም።"ኤፌ 5፡1-18

ምድሓን ትብል ቃል ንሕና ከምዝመስለና ካብ ቀላይ ሓዊ ወይ ዘልኣለማዊ ቁጥዓ ኣምላኽ ኣምሊጥና ጥራይ ዘይኮነስ ምድሓን ካብ ዘድልዮ ኩሉ እዩ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ መበቆል ሓድሽ ኪዳን ሶዞ (sozo) ዝብል ቃል ዝሓዘ ኮይኑ ካብ ኩሉ ምድሓን ዘድልዮ ነገር ማለትዩ። ስለዚ ጎይታ የሱስ ካብ ንቕበል ጀሚርና ካብ ኩሉ ምድሓን ዘድልዮ ዲሕንና ኢና። ምድሓንና ብሕጂ ዝተቐመጠ እንጽበዮ ተስፋ ዘይኮነስ ቅድሚ 2000 ዓመት ዝተፈጸመ ጎይታ የሱስ ምስ ተቐበልና ኸኣ ናትና ዝኾነ ስራሕ ኣምላኽዩ።

**ኣዋጅ**

**ኣነ ብስም የሱስ ዓያይ ወንጌል እየ ብስም የሱስ ወንጌል ክሰርሕ ተጸዊዕእየ ብስም የሱስ ኣሜን።**

# ንወዲ ክመስል`የ ተጸዊዐ

**"ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፡ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በዅሮም ምእንቲ ኪኸውን፡ ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ ቐደም መደቦም።"**
**ሮሜ 8፡28**

ኣነን ንስኻትኩም ጎይታ የሱስ ድሕሪ ምቅባልና ውሽጣዊ ሰብና መንፈስና ሙሉእ በሙሉእ ዝተለወጥና ሰባት ኢና ።ካብቲ ንዓለም ኣባላሽዎ ዘሎ ጥፍኣት ርክሰት ወጺና ኣምላኻዊ ባህሪ ስለ ዝተቀበልና ውሽጥና ንክርስቶስ እዩ ዝመስል።

"በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፡ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።"ኤፌ4,23-24

እቲ ብክርስቶስ ዝተቀበልናዮ ማንነትን ህይወትን፡ ኣብዚ ኣካላዊ ዓለም ክንገልጾ ስለዝግባኣና መንገድታቱ ክንፈልጦ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ ንጎይታ ዝፈለጠላ ግዜ እኳ ብብዙሕ መሰናክል እንተሐለፈ ድሕሪ ግዜ ግና ንክርስቶስ እናመሰሎ ከምዝከደ`ሞ ኣስሩ ብምስዓብ ክንመስሎ ከምዘለና`ዩ ዝዛረብ።

"ከምዚ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎኹ፡ ንስኻትኩም ንኣይ ምሰሉ።"1ቆሮ11፡1

ጎይታ የሱስ ኣብዝተቀበልክሉ ጊዜ ይዝከረኒ ኣዚዩም ኣብቲ ዘመን ዝነበሩ ወፍያት ዓየይቲ ክመስሎም ይጽዕር ነበርኩ። ሐደ ሐደ ጊዜ`ውን ብኣካል ዘይፈልጦም ብመጽሐፍቲ ዝተላለክዎም ሰባት ክመስል ህርዲግ ይብል ነበርኩ ብተመሳሳሊ መንገዲ ሕጅውን ንብዚሐት ሰባት ንምምሳል ንጽዕር ሰባት ኣይንሳኣንን ንኸውን። ብወገነይ ካብ ሰባት ጽቡቅ ልምምዳቶም ምውሳድ ዘይጽላእ እኳ እንተኮነ ንዕኦም ክትመስል ምፍታን ግና ቀኑዕ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ ዘይካል ድማ እዩ ይብል ምክንያቱ እግዚኣብሔር ሐደ ንስኻ ወይ ኸማኻ ዓይነት ጥራይ`ዩ ዘለዎ። ክርስቶስ ምምሰል ማለት ንሱ ኣብዛ ምድሪ ዘርኣ`ዩ ባህርይን ዝገለጾ ዓይነት ህይወትን ብኣኻ ከምዝርኣይ ምግባር`ዩ።



ሰባት ንክርስቶስ የሱስ ኣባኻ ክርእ`ዩ እንተጀሚሮም ወይ ብኣኻ ኣቢሉ ባህርይን ኣካይዳን ክርስቶስ ክግለጽ እሞ ከንብብዎ ተኪኢሎም ንስኻ ንስኺ ንክርስቶስ ትመስል ኣለኻ ማለት`ዩ።

# ኣዋጅ

**ኣነ ንክርስቶስ የሱስ ዝመስል ህይወት እዩ ዘሎኒ**

**ኣነ ከምቲ ክርስቶስ ዘለዎ ኣብዛ ምድሪ ከምኡ እየ**

**ብስም የሱስ**

**ኣሚን**

<u>ካብ ብርሃን 2017 ቁጽሪ 2</u>

<u>......</u>“ክልተ ሰብ እንተ ዘይተሳማምዑስ፣ ብሓደዶ ይመላለሱ እዮም ”ኣም3፡3

ክልተ ሰባት ክሓብሩ ንሓድሕዶም ክዘራረቡን ክሰማሙዕን ኣለዎም።

ዘይቃደዉን ዘይሰማምዑን እንተደኣኾይኖም ኣብ መንጎኦም ሕብረት የለን ኢና ንብል።

ምስኡ ሕብረት ኣሎና እናበልና ኣብ ጸልማት እንተነበርና ንሕሱን ሓቂዉን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና።

1የው1፡6.............

# ቅብኣት

ቅብኣት ኣብ መንፈስ ኣማኒ ንምንታይ መጺኡ ወይ እግዚኣብሄር ኣብ መንፈስ ኣማኒ ቅብኣት ንምንታይ ኣቐሚጡ? ዕላምኡ'ኸ ? መጀመርያ ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ከነስተውዕሎ ዝግብእና ነገር እተደኣ ኣልዩ ናይ እግዚኣብሄር ቅብኣት ምሳኻ ዘይኮነስ ኣባኻ ወይ ኣብ ውሽጢ መንፈስካ እዩ ኣትዩ ዘሎ። ኣብ ቡሉይ ኪዳን ኣብ ላዕሊ ኔሩ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግን ኣብ ውሽጢ መንፈስ ሰብ እዩ ኣትዩ። ካልኣይ ኣዚና ከነስተውዕሎ ዝግበኣና ነገር ጎይታ የሱስ ምስ ተቀበልና ኣይኮነን እቲ ቅብኣት መጺኡ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተመላእና እዩ ዝመጽእ። ጎይታ የሱስ ምስ ተቀበልና ኣብ መንፈስና ዝመጸ መንፈስ ቅዱስን ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስተመላእና ንቅበሎ መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኮይኑ ደረጅኡ ግን ይፈላለ እዩ። ከምቲ ኣብ ወንጌል የውሃንስ 4 ምስታ ሳምራዊት ሰበይቲ የሱስ ክርስቶስ ከም ዒላ ተመሲሉ ዘሎ። ዒላ ድማ ውሱንን ንውሱናት ሰባትን ከም ዝከውን። ስለዚ ጎይታ የሱስ ክንቅበል ከለና እቲ ዘይቲ ደረጃኡ ሒደት እዩ ኔሩ ። ኣብ ወንጌል የውሃንስ 20፡20 ኡፍ በለሎም መንፈስ ቅዱስ ውን ተመልኡ ይብለና እዚ ማለት ድማ ጎይታ ተቐቢሎም ማለት እዩ ። ንንቀዲሞስ ክዛረቦ ከሎ የው3፡6 ካብ መንፈስ ዝተወልደ መንፈስ ካብ ስጋ ዝተወልደ ከኣ ስጋ እዩ ከም ዝበሎ ናይ መንፈስ ምውላድ እዩ ዘመልክት። እቲ ካልኣይ ድማ ንዓሰርተ መዓልቲ ተጸበዩኒ ኢልዎም ተጽብዮም ካብ ሰማይ ካብ ላዕሊ መንፈስ መጺኡ መልኦም። እቲ መንፈስ ከኣ ቅብኣት ወይ ሓይሊ ሒዙ መጺኡ። እዚ ከኣ ዘኽእል ነገር ንኣገልግሎት ዘውጽእ ነገር፡ ንዓለም ዘቃልዕ ነገር መልኦም ። እዚ ቅብኣት ተቐቢሎም ይብሃል። ቅብኣት ከም ዝተቐበሉ ሓይሊ ከም ዝተቐበሉ ምልክት ኣለዎ። እዚ ከኣ ብቋንቋታት ምጽላይ እዩ። ቅብኣት ግን ንምንታይ እዩ መጺኡ እንተ ደኣ ኢልና? ቤተክርስቲያን ወይ ቤት ኣምላኽ ኣብዛ ዓለም ልዕሊ ዝኾነ ይኹን በራኽ ኣልይዋ ጸብለል ክትብል እዩ። ዝተፈላለየ ሃይማኖታዊ ወይ ፖሎቲካዊ ንዓለምና ገዚእዋ ዘሎ ወይ ኣብ ርኽሰት እእትይዋ ዘሎ፡ ልዕሊ እዚኦም ጸብለል ኢላ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ክትወጽእ ኢሉ ኣዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ክዛረብ ከሎ ዘካርያስ 4፡6-7 ሓደ እዋን ዞርባቤል ቤት መቀደስ ኣምላኽ ምስራሕ ጀሚሩ፡ ግን ብናቱ ሓይሊ ብናቱ ፍልጠት ስለ ዝጀመሮ ኣብ መንጎ ሓደ ሓይሊ ፡ ሓደ ከረን ፡ ሓደ ጎቦ፡ ሓደ ዓንዲ ደው ኣቢልዎ። ስለዚ እግዚኣብሄር " ኣታ ዓቢ ከረን ኣታ ዓቢ ጎቦ መን ኢኻ? ኣብ ቅድሚ ዞርባቤል ጎልጎል ክትከውን ኢኻ'። ከመይ ጌርካ ኢኻ ትወድቕ? ከመይ ጌርካ ኢኻ ትፈርስ? ብሓይሊ ኣይኮነን ብክእለት ኣይኮነን ብመንፈሰይ ብቅብኣተይ ኢኻ ትፈርስ ብቅብኣተይ ድማ እዩ ዝቅጽል። ስለዚ




ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ በረኸቲ ኮፍ ክትብል ኣብ ልዕሊ በረኸቲ ክትድይብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅብኣት ኣብ ዉሽጣ ኣቀሚጡ ። ቤተክርስትያን ነዚ ቅብኣት እዚ ብጉቡእ እንተ ደኣ እንድሕር ደኣ ኣንቀሳቒሳቶ፡ ኣለዓሊላቶን ሰሪሓትሉን ኣብ ልዕሊ ናይ ሃይማኖት ስርዓታት  ፖለቲከኛታት፡ ሽቃጦ(ነጋዶ)፡ ነገስታት ዓለምን ክብ ክትብል ትኽእል እያ። መጽሓፍ ቅዱስ ክዛረብ ከሎ ኢሰ2፡2  ኢሰያስ ዝረኣዮ ራኢ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ ናይ ሃይማኖት ስርዓታት፡ ፖለቲከኛታት ፡ ነጋዶ፡ ነገስታት ዓለምን ሰልጢና ፡ሓፍ ኢላ ብዙሓት ከኣ ናብኣ ክውሕዙ ንዑ ናብ ቤት ኣምላኽ ውሰዱና እንዳበሉ ክሓቱ ረኣየ።

ስለዚ ቤተክርስትያን እቲ ቅብኣት ኣብ ውሽጣ ዘሎ እንድሕር ኣንቀሳቒሳቶ ቡዙሕ ሰብ፡ ቡዙሕ ህዝብታት፡ ጠንቀልቲ፡ ደገምቲ፡ ሃይማኖተኛታት፡ ፖሎቲከኛታትን ኣብ ቤተክርስትያን ኮነ መስቀል የሱስ ንዕቀት ዘለዎም ሰባትን ዘይእዘዙ ኣእምሮኦም ዝዓወረ ናይ ሰይጣን ሰንሰትለት ተበጢሱ ናብኣ ክውሕዙ እዩ ዝግብር። መዓስ? እቲ ቅብኣት እንድሕር ተንቀሳቒሱ። ስለዚ ንምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ኣብ መንፈስ ቁዱሳን ቅብኣት ኣቀሚጡ እንተ ደኣ ኢልና? እቲ ዘቀመጦ ቅብኣት እንድሕር ተንቀሳቒሱን ሰሪሑን ቡዙሕ ሰብ ናብኡ ክመጽእ እዩ። ትዝ ይብለኩም ይኸውን **ወንጌል የውሃንስ ምዕራፍ** 5 ሓንቲ ማይ ኔራ እዛ ማይ እዚኣ ስማ ሰሊሆም እዩ ኔሩ፡ እዛ ማይ ተራ ማይ እያ ኔራ ቡዙሕ ሰብ ንምንታይ እዩ ኣብ ከባቢኣ ዝቅመጥ ኔሩ እንድሕር ደኣ ኢልና ኣብ ዓመት ሓንሳብ ሓደ መልኣኽ መጺኡ የንቀሳቕሳ ኔሩ ሰባት ከኣ ይፍወሱ ነበሩ ስለዚ ነታ ማይ ከም ኣብ ካልእ ቦታ ዘሎ ማይ ዘይኮነ ወይ ከም ኣብ ካልእ ዓዲ ዘሎ ማይ ዘይኮነ ሰባት ይኸብዋ። ሰብ ናበይ እዩ ዝውሕዝ እንተደኣ ኢልና፣ ሽግሩ ኣብ ዝፍትሓሉ ቦታ እዩ ዝኸይድ ሰብ ብሕንቅልሕንቅሊተይ ዝተኸበ እዩ። ቤተክርስትያን ቅብኣታ ከተለዓዕሎ ከላ ከተንቐሳቕሶ ከላ ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ክሰርሕ ከሎ ዕዉር ክርኢ፡ ሓንካስ ክዘልል፡ ለምጻም ክነጽህ፡ ተእምራት ክግበር ከሎ ሰባት ናብኣ ይውሕዙ። ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 2 እንተ ሪእናዮ እቲ ቅብእት ምስ ወረዶም ብቋንቋታት ከኣ ምስ ጸለዩ ሰብ ናባታቶም ይጽንበር ነበረ እምበር ይጽውዕዎ ነበሩ ኣይብለናን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ቅብኣት ምስ ተንቀሳቐሰ ሰባት ናብኣታቶም ክውሕዙ ጀሚሮም። ስለዚ ቅብኣት ንቤተክርስትያን ወይ ቁዱሳን ዝመጻሉ ዕላማ ፡ሓደ ሰባት ናብ ቤተክርስትያን ክውሕዙ ካልእይ ዕላማ ድማ ቤተክርስትያን ብሓይሊ ትግዝእ በዚ ከኣ ኣብቲ ዝተበሃለላ ትመጽእ። እንታይ ዓይነት ወለዶ ይህልዉዋ ቅብእታ ዝተንቀሳቐሰ ቤተክርስትያን እንተ ደኣ ኢልና?

**"ድኹምን ስንከልከል ዝብልን ኣብ ማእከሎም የልቦን፡ ሓደ እኳ ኣይታኸሰን ኣይድቅስን፡ ቅናት ሕቑኦም ኣይፍታሕን፡ ጥላም ሳእኖም ከኣ ኣይብተኽን። ፍላጻታቶም በሊሕ፡ ኩሉ ቐስቶም ድማ ግቱር እዩ፡ ሸኹና ኣፍራሶም ከም ኣዝሒት እዩ፡ መንኮርኮር ሰረገላታቶም ከኣ ከም ህቦብላ እዩ።**

**ምጉዛሞም ነቲ ናይ ዋዕሮ ይመስል፡ ከምሽደን ኣንበሳ ይጓዝሙ፡ የጉራዕርዑ**......."ኢሰ5፡26

ከም ኣንበሳ ዝጓዝሙ ኣብ ማእከሎም ዱኹም ዘየለ ዘይሕለሉ ዓይነት ሰባት እያ ተጥሪ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ቤተክርስትያን ነዚ ቅብኣት ከተንቀሶቕሶ ጽውዕቲ እያ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣሜን!


# ዉህበት እምበር ዓስቢ ኣይኮን

**"ነቲ ዚገብር ግና ዓስቡ ኸም ዕዳ ኼውሃብ እዩ እምበር፡ ከም ጸጋ ኣይኰነን ዚቝጸረሉ። ሮሜ 4፡4**

**ሃዋርያ** ጳዉሎስ ኣነን ንስኻትኩምን ኣብ ግዜ ጸገምናን ወይ ድማ ኣብ ግዜ እንሓልፎ ጎዳጉዲ ብሙሉኡ ሓራ ከዉጽኣና ዝኽእል ኣባና ዝግለጽ ናይ እግዚኣብሄር ጸጋን ሓይልን ወይ ድማ ክእለትን ብናትና ጻዕሪ ወይ ድማ ጉያ ዘይኮነስ ብናቱ ፍቓድን ሓሳብን ጥራይ ከምዝመጽእ ወይ ድማ ስለ ዘፍቀረና ጥራይ ከምዝህበና ይዛረብ ኣሎ። ብናይ ሃዋርያ ጳዉሎስ ኣዘራርባ ምናልባት ኣብ ግዜ ድኻምና ወይ ጸገምና ከልዕለና ዝግለጽ ናይ እግዚኣብሄር ጸጋ ፡ ስለዝጸለናን ዝጾምናን ወይ ሰናይ ነገር ስለ ዝገበርና እንድሕር ደኣ መጺኡ ብናትና ጻዕሪ ስለ ዝመጸ ናይቲ ዝደኸምናዮ ወይ ድማ ዝለፋዕናዮ ድኻም ዓስቢ ይወሃበና ኣሎ ማለት እዩ ይብለና ኣሎ።ነዚ ብምቅዋም ሃዋርያ ጳውሎስ ብናትና ጸሎት ወይ ጾም ወይ ጻኣሪ ዘይኮነስ ካብ ናቱ ፍቕርን ሓይልን ዝተላዕለ እዩ ኣብ ልዕሊ ናትና ነገር ረድኤት ዝመጽእ ኢሉ ይዛረብ።

ብሩኽ ሓወይ/ሓፍተይ በየናይ ጎደና ትሓልፍ ኣለኻ ምናልባት ስለ ዘይጸለኻ ወይ ድማ ገለ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ስለዘይብልካ ወይ ዉን ሰናይ ተግባር ስለ ዘየዘውተውርካ ወይ ከኣ ብገዛእ ጻዕርኻን ሓይልኻን ከም ዝግባእ ስለዘይመጻእካ ናይ እግዚኣብሄር ሓይልን ጸጋን ኣይግለጽን እዩ እንተደኣ ኢልካ ምሉእ ብምሉእ ትጋገ ኣለኻ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ሓይለይ ኣብ ድኻምካ እዩ ዝግለጽ እግዚኣብሄር ኢሉኒ ክብል ከሎ ብናትካ ክእለትን ጻዕርን ኣይኮነን ሓይለይ ዝግለጽ ንማለት እዩ፣









ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ኣብ ገዛእ ቅልጽሙን ኣብ ገዛእ ሓይሉን መሰረቱን ምንጩን ባዕል ምኺኑን እዩ ዝፍለጥ፣ እምበር ብናይ ሰባት ጽድቅን ኣሰራርሓን ሂወትን ተበጋጊሱ ሓደ ነገር ጌሩ ኣይፈልጥን እዩ።

**እሞ ሎሚ ምሸት ተስፋ ኣለካ፣ ብሩኽ ሓወይ ወይ ሓፍተይ ኣበየናይ ጎደጉዲ ሃሊኻ ጸጋ ኣምላኽ ኢልካ ጸውዕ ወይ ድማ ሓይሊ ኣምላኽ ኢልካ ጸውዕ ምኽንያቱ ብጸሎትካ ስለዘይመጸ ብዘይ ምጻምካ ድማ ኣይከይድን እዩሞ ናባኻ መጺኡ ከገልግለካ ክትርእዮ ኢኻ።**

## ጸሎት

ብስም የሱስ ክርስቶስ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ የነመስግነካ
ክብሪ ኩሉ ድማ ንዓኻ ይኹን።
ሕጂ ብስም የሱስ ይጽልይ ኣለኹ
ኣብ ልዕሊ ናተይ ድኻም ኣብ ዘለኽዎ
ሂወት ናትካ ቅብኣትን ሓይልን ይገልጽ፣
ስለዝገበርካዮ ተመስገን
ብስም የሱስ ኣሜን።

# ምስ ኣምላኽ ሰላም ኣለና። !

**"እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና።"**

**ሮሜ 5፡1**

ሰላም ኣብ ውሽጥኻ ምህላውን ሰላም ከኣ ምስ ኣምላኽ ምህላውን ነንበይኑ ኢዩ። ንኣብነት ክልተ መንግስታት ነዊሕ ዓመታት ክቃለሳ እንድሕር ደኣ ጸኒሐን ብምኽንያት እቲ ዝፈሰሰ ደም ወይ ባዕለን ንባዕለን ወይ ሳልሳይ ኣካል ብምእታው ናብ ዕርቒ እንተድኣ መጺኣን ድሕሪኡ ሰላም ኣለወን ንሓድሕደን ብፍቅሪ ኢየን ዝርኣያ።
ኣነን ንስኻትኩምን ድማ ሓደ እዋን ምስ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ጽልኢ ኔርና "ጸላእቱ ኸሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡ ካብ ተዓረቕና ደኣ፡ ክንደይ ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን።"ሮሜ 5፡10
እዚ ጥራይ ዘይኮነ ከኣ ነቲ ንሱ ዝበሎን ዝገበሮን ነገር ንምግባር ሓይልና ብጣዕሚ ድኹም ነበረ። ካብዚ ዝተልዕለ ክኣ ምስ ኣምላኽ ነዊሕ ዘመን ተባኢስና ነበርና። "ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ፡ ብኣበሳኹምን ብዘይ ግዝረት ስጋኹምን መዊትኩም ንዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩምውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም። ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ፡ ንእኡ ኣብ መስቀል ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሐቖ።"ቆሎ 2፡13-14

በዘን ክልተ ኣቀዲምና ዝረኣናየን ምዕራፋት ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ስለ ዝነበርና ኣምላኽ ከኣ በቲ ሕጊ ጌሩ ኣቀሚጥዎ ብዝነበረ ትእዛዝ መሰረት ኣይገበርኩሞን ዝብል በደል ኣብ ልዕሌና ስለ ዝጸዓነ ፍጹም ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ከም ዝነበረና ይዛረብ። ግናኸ ቲ´ደስ ዘብል ዜና ክርስቶስ የሱስ ነዓይን ነዓኻን ክብል ኣብ መስቀል ብምሕምሻሽወይ ከኣ ቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌና ክሰዶ ዘለዎ ቁጥዓ ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዘፍሰሶ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሃነና ነድሩ ናይ ውሽጡ ቁጥዓ ኣብ ወዱ ስለ ዘውጽኦ እግዚኣብሄር ዓሪፉ። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ንዝመጽዎ ሕጂ ምስ ኩሎም ሰላም ኣለዎ። ነቲ ክቑጥዖ ዝደለየ ወይ ድማ ሃነና ነድሩ ኣብ ወዱ ስለ ዘውጽ ኣብ ክንዳና ወይ ድማ ኣብ ልዕሌና ክወድቅ ዝግባእ ናብ ወዱ ስለ ዘምጽኦ ምሉእ ብምሉእ ምሳና ሰላም ኣለዎ።

ስለዚ ኣነን ንስኻትኩምን ምስ ኣምላኽ ፍጹም ሰላም ኣለና። ሰናይ ተግባርና ኮይኑ ወይ ድማ ዘሕጉስ ነገር ጌርናሉ ወይ ድማ ከምቲ ፍቃዱ ኬድና ማለት ዘይኮነስ እንታይ ደኣ ኢዩ እቲ ቁጥዓ ኣብ ልዕሌና ከውርዶ ዝግባእ ኣብ ልዕሊ የሱስ ስለ ዘውረዶ ብኻልእ ኣ ዘራርባ ክስቶስ እቲ ናብ ወዲ ሰብ ከተውርዶ ከምዚ




ዝግባእ ቁጥዓ ናባይ ኣውርዶ ስለ ዝበሎ ናይ ውሽጡ ቁጥዓ ምስ ኣውጽአ እግዚኣብሄር ሰላም ምሳና ጌሩ ማለት ኢዩ። ነዚ ኸኣ ኢዩ እቶም መልኣኽቲ ትዝ ይብለና እንተ ድኣ ኮይኑ ክርስቶስ ኣብ ዝተወለደሉ እዋን ካብ ሉቃስ 2፥13 ጀሚሩ ይብል ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፥ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፣ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ሰምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፣ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።

ብናይ መልኣኽቲ ኣዘራርባ ምስ ደቂ ሰባት ሰላም ዘለዎን ምስ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ሰላም ክገብር ህጻን ተወሊድልኩ ንሄለ ኢዮም ዝብሉና ዘለው።

"ሕጻን ተወሊዱልና፣ ወዲ ተውሂብና እዩ እሞ፣ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፣ ስሙውን ግሩም፣ መካር፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፣ ኣቦ ዘለኣለም፣ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ብፍርድን ብጽድቅን ካብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ምእንቲ ኼጽንዓን ኬቘማንሲ፣ ኣብ ዝፋን ዳዊትን ኣብ መንግስቱን ዕቤት ግዝኣቱን ሰላሙን መወዳእታ የብሉን። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነዚ ኺገብር እዩ።" ትንቢት ኢሰያስ 9፥6-7

# ምስጋና

ዎ ኣቦ የመስግነካ ኣለኹ። ኽብሪ ኹሉ ንዓኻ ይኹን ምሳኻ መታን ሰላም ክህልወና ኣብ ወድኻ ኮይንካ ሓጥያትና ስለ ዘይሓዝካል‘ሞ ይቅረ ኸኣ ስለዝበልካልባ ተመስገን። ወድኻ ብምልኣ ስለዝተዓረቅካና ነመስግነካ።

ምሳኻ ኸኣ ሰላም ኣሎኒ። ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢለ ሰላም ስለ ዝረኸብኩ

ብናተይ ሰላምን ስራሕን ስለ ዘይኮነ ሰላመይ ኣይውሰድን ኢዩ።

# በረኸት ኣብርሃም ናትካ ወይ ናትኪ ኢዩ!

**"ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ፥ ኣብ ዕጸይቲ ዚሰቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና። ኣሕዋተየ፡ ከም ኣዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ነቲ ዝጸንዔ ኺዳን ሰብ እኳ ዜፍርሶ ወይስ ዚውስኸሉ የልቦን። እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ኸም ዚብሃል፡ ንዘርእኻ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፡ ንብዙሓት ከም ዚብሃል፡ ነዘርእቲ፡ ኣይብልን እዩ። እምብኣርሲ እዚ እብል ኣሎኹ፡ ነቲ ተስፋ ኽነቱ ኺገብሮ ኢሉ፡ ነቲ ኣምላኽ ቀደም ዘጽንዖ ኺዳን እቲ ድሕሪኡ በርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ዝመጸ ሕጊ ኣየፍርሶን እዩ።"** **ገላ** 3፡13-17

ኣብቲ ሂወት ኣብርሃም ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ኣብርሃም በረኸት ንምእታው ክንገብሮ ዝግ**ብጣዕሚ** ዝገርም ናይ ጳውሎስ ኣዘራርባ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ንርኢ። ሃዋርያ ጳውሎስ ይብል ኣሎ ናይ ኣብርሃም በረኸት ኢሉ ይጅምር። ብመሰረቱ ቅድሚ ናባና ምምጻእና ደጊምና ናይ ኣብርሃም በረኸት ምርኣይ ከድልየና ኢዩ። ኣብርሃም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንተድኣ ርኢናዮ ኣብ ዘፍ "**ኣብርሃም ከኣ ነዊሕ ዕድመ ዝገበረ ኣረጊት ነበረ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣብርሃም ብዅሉ ባሪኽዎ ነበረ።**"24፡1 ። ኩሉ ማለት መንፈሳውን ነፍሳውን ስጋውን ማለት ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኩለንትናዊ በረኸት ኢልና ንጽውዕ። ሎሚ ኣብ ዘመንና ብጣዕሚ ንርእዮም ዘለና ቅዱሳን ወይ ንሂወትና ውን ምልስ እንተዳ ኢልናያ ካብቲ መንፈሳዊ በረኸት ሓሊፍካ ወይ ድማ ዳግም ኻብ ምውላድ ሓሊፍካ ብኣካል ብስጋ ዝርአ በረኸት ኣይንዕዘብን። ንምንታይ ኢዩ ዝብል እንተድኣ መጺና

1 ነቲ ምሉእ በረኸት ኣብርሃም ብእምነት ኣይንቅበሎን

2 ኣብ ሂወት ኣብርሃም ወይ ድማኒ ብኣና ዘይንገብር ክንኸውን ንኽእል ኢና። ኣብርሃም መዓስ እዚ ጥራይ ዘፍ 13፡2 እንረዳ ርኢናዮ ብወርቅን ብብሩርን ብኹሉ ሓብቲሙ ነበረ ይብለና። ስለዚ ብኻልእ ኣዘራርባ ወርቅን ቡርን ናይ ኣህዛብ ወይ ናይ ዓለም ዘይኮነ ብመሰረቱ እግዚኣብሄር እዩ። ባዕሉ እግዚኣብሄር ብነቢ ዘካርያስ ክዛረብ ከሎ ወርቅን ብሩርን ናተይ ኢዩ ኢሉ ኔሩ ጥራይ ዘይኮነ ደሓር እንኣትዋ መንግስተሰማይ ኢልና ንጽውዓ ውን ጽርግያኣ ወይ መንገድታታ ወርቅን





ብሩርን ምኻኑ ኢዩ ዝሕብረና። ስለዚ ናይ ኣብርሃም በረኸት ሕጽር ብዝበለ:ወርቂ : ብሩር: ነዊሕ ዕድመ ሃብቲ ብእምነት ምጽዳቅን ዝመሰለ የጠቓልል ኢዩ። ብካልእ ኣዘራርባ መንፈሳውን ነፍሳውን ስጋውን ኢዩ ። እንበኣር መጽሓፍ ቅዱስ ብናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዘራርባ እዚ ናይ ኣብርሃም በረኸት ኣዓና ይምልከተናን ኢዩ ይብል። ግናኸ ንሓደ ይብል ንዘርእኻ ኽህቦ ኢየ ዝለ ዝበሎ ንክርስቶስ የሱስ ሂብዎ። ዝለዚ ዝኾን ይኹን ኣብ ውሽጢ የሱስ ክርስቶስ ዝኣተወ ብምኽንያት ክርስቶስ እቲ ናይ ኣብርሃም በረኸት ብምልኡ ተኻፋላይ ኮይኑ ማለት ኢዩ። ብሩኽ ሓወይ ወይ ሓፍተይ ተንብቡ ዘለኹም እዚ በረኸት ናትካ ምኻኑ ጾ ይርድኣካ። ናይ ኣብርሃም በረኸት ካብቲ ዝገርም እንዳባረኽኩ ክባርኻ ኢየ ንምድሪ ኢልዎ። ናይ ኣብርሃም በረኸት ንምድሪ ዘለቅሓን ባንክ በረኸት ኣብርሃም ናትካ ወይ ናትኪ ኢዩ።

"ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቕበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ፥ ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና። ኣሕዋተየ፡ ከም ኣዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ነቲ ዝጸንዔ ኺዳን ሰብ እኳ ዚፍርሶ ወይስ ዚውስኸሉ የልቦን። እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ኸም ዚብሃል፡ ንዘርእኻ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፡ ንብዙሓት ከም ዚብሃል፡ ነዘርእቲ፡ ኣይብልን እዩ።" ገላ3፡13-16

## ኣዋጅ

ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣነ ብናይ ኣብርሃም በረኸት ተባሪኸ ኢየ። ብሽም የስይ ክርስቶስ የለቅሕ እንበር ኣይልቃሕን ኢየ። ብ ሽም የሱስ ክርስቶስ ሂወት ፍቅሪ ጸጋን ናይ ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ኢዩ። ብሽም የሱስ ክርስቶስ ንብዙሓት ይኸውን ኢየ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ብእምነትን ብብሩርን ብወርቅን ብኹሉ ተሰሊመ ኢየ።

# ቤትካ ዝቀተለ ኣይረኽበካን ዩ

"እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም በሎ፤ ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦኻን ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ። ንዓብዩ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ። ንዚባርኹኻ ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት ኵላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም። ኣብራም ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸደ፡ ሎጥ ድማ ምስኡ ኸደ። ኣብራም ካብ ካራን ኪወጽእ ከሎ ኸኣ ወዲ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ። ኣብራም ድማ ንሳራይ ሰበይቱን ንሎጥ ወዲ ሓዉን፡ ነቲ ዘጥረይዎ ዅሉ ጥሪቶምን ነቶም ኣብ ካራን ዘጥረይዎም ነፍሳትን ወሲዱ፡ ንምድሪ ኸነኣን ኪኸዱ ወጹ፡ ናብ ምድሪ ኸነኣን ከኣ መጹ። ኣብራም ድማ በታ ምድሪ ኽሳዕ ቦታ ሴኬም ክሳዕ ድዋታት ሞሬ ሓለፈ። በቲ ዘበንቲ ድማ ከነኣናውያን ኣብታ ምድሪ እቲኣ ነበሩ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም ተራእዮ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ክህቦ እየ፡ ከኣ በሎ። ኣብኡውን ነቲ እተራእዮ እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሓሉ።"ዘፍ 12፡1-7

**ኣብርሃም** ኣቡኡ ኣቀዲሙ ጣኦታት የምልኽ ከም ዝነበረ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኢዩ። ታራ ንጣኦታት ምስዓብን ምግልጋልን ንወዲ ኣብርሃም ዘሕደረሉ ጽልዋ ብቀሊሉ ክግመት ዝክእል ኢዩ። ድሕሪ ሞት ታራ ስዒብዑ ክርከብ ዝነበሮ ሰብ ኣብርሃም ነበረ። ግናኸ እቲ ብምሕረቱ ዓቢ ኣምላኽ ካብታ ኣቡኡ ዝ ቃተለት ሰፍራ ጣኦታት ዝነበርዋ ዓዲ ንኽወጽእ መንገዲ ከፈተሉ። ካብ ቤት ኣቦኻ ውጻእ ምባሉ መርገም ካብ ዘለዎን ሰይጣን ካብ ዝምለኽሉን ቦታ ኣልግስ



ምባሉ ኢዩ። ኣብርሃም እቲ ዝመጸሉ ድምጺ ተኣዚዙ ስለ ዝወጸ ኣብ ቤት ኣቡኡ ዝሰርሕ ዝነበረ መንፈስ ኣብ ሂወቱ ኮነ ስድሩኡ ወልሓደ ግደ ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነስ ባንጻሩ እኳ ደኣ ተኻፋሊ በረኸት እግዚኣብር ዓርክን ፈታውን እግዚኣብሄር ዝብል ሽም ተዋህቦ ብእምነት ናይ ዝጸደቁ ኣርኣያ ኮነ። ሎሚ ኣብ ቤተሰብ ዝነበረ መርገም ኮነ ዘይተደለየ ነገር ከይመጸካ ትፈርሕ ሓው\ሓፍቲ ብስራት ኣሎኒ። ሓንሳብ ከም ኣብርሃም ተኣዚዝኩም  ስለ ዝወጻኹም ኣባኹም ኣይሰርሕን'ዩ ጥራይ ዘይኮነስ ብበረኸት ተተኪኡ ኢዩ። ምኽንያቱ ጎይታ የሱስ ምቅባል ስድራ ወይ ዓሌት ምቅያር´ዩ።

"ምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፣ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቅዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፣ ኣጋይስን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን። "

## ኣዋጅ

ብስም የሱስ መርገም ኣባይ ኣይሰርሕን´ዩ።

ኣነ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተባሪኸ ኢየ።

ስምን ዓሌትን ስለ ዝቀየርኩ ስድራይ ዘወቅዐ መንፈስ ኣባይ ኣይሰርሕን´ዩ።

# ኩሉ ከኣ ይውሰኸልኩም


**"እምበርከ እንታይ ንበልዕ፡ እንታይ ንሰቲ፡ እንታይ ንኽደን፡ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ነዚ ኹሉስ ኣህዛብ ይደልይዎ እዮም እሞ፡ ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ኸም ዜድልየኩም፡ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም። ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ፡ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ንመዓልቲ ኽፍኣታ ይኣኽላ።"ማቴ** 6:31-34

ጎይታ የሱስ ንደቂ መዛሙርቱ ብዝስተ ወይ ብዝክደንዎ ክዳን ከይሓስቡ ዘይኮነ ከይጭነቁ እዩ ይዛረቦምን ዘረድኦምን ዘሎ ። ምኽንያቱ ምጭናቕን ምሕሳብን ነንበይኑ ስለ ዝኾነ። ኣሰዒቡ መንፈሳን ምድራውን በረኸት ዝረኽቡሉ ክልተ መንገድታት ይሕብሮም ።ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግባእ ጎይታ የሱስ ቅድሚ ምስቃሉ ኣብ መስቀል እዩ ዝዛረቦም ዘሎ ። ገለ ሰባት ቅድምን ድሕርን ስቕለት ዘሎ ገፊሕ ፍልልይ ኣየስተውዕልዎን ። ቅድሚ መንግስቲ ኣምላኽ ከምኡ ከኣ ጽድቂ ኣምላኽ ኣንተረኺብኩም ኩሉ በረኸት ክውሰኸልኩም እዩ ዝብል ቃል ዚገርም ሓሳብ እዩ ።

ኣነን ንስኻትኹምን መጀመርታ ጎይታ ምስ ተቀበልና ዛኣተናያ መንግስቲ ናይ ኣግዚኣብሄር እያ ።


"ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና።" ቆለ 1:12

ኣዚ ከኣ ነቲ መጀመርታ ዝተቀበልልንያ ጽድቂ ኣምላኽ ዝኸውን ሰፍራ እዩ ።




"ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዝኤ፥ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም።"ሮሜ 5 ፡ 17

በዘን ክልተ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ ጽድቂ ኣምላኽ ተቀቢልና ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ከምዝኣተና ይዛረብ ስለዝኾነ ከኣ ኣነን ንስኻትኩምን ኩሉ ይ ው ሰ ኽ ል ኩ ም ዝ ተ ባ ህ ለ ነ ገ ር ብቀጥታ ይምልከተና እዩ ።



# ኣዋጅ

ብስም የሱስ ክርስቶስ መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቂን ዘሎኒ ሰብ እየ ።

ብስም የሱስ በረኸት ናተይ እዩ ።

ብተግባረይ ዘይኮነስ ብስም የሱስ ብዝተወሃበኒ ጸጋ በረኸት ኩሉ ተወሲኹለይ እዩ። ኣሜን

# ሕቡእ ግናኸ ክቡር ሰብ መን እዩ ?

**"ስልማትክን እቲ ብሕቡእ ናይ ልቢ ሰብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ዝኾነ ለዋህን ህዱእን መንፈስ ይኹን እምበር፡ እቲ ናይ ስሩሕ ርእስን፡ ናይ ስልማት ወርቂ ምእሳርን፡ ናይ ዘጌጸ ኽዳውንቲ ምኽዳንን ኣፍኣዊ ነገር ኣይኹን።"** 1ጴጥ 3:4


ሓደ ኣዝዩ ዝኸበረ ግናኸ ብዓይኒ ዘይተረኣየ ሰብ ከምዘሎ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ክቡር ዝበሃል ካልእ ሰብ ከምዘሎ ንፈልጥ ግና'ኸ ኣብ ቅድሚ ዓቢ ኣምላኽ ተራእዩ ክቡር ዝበሃል ሰብ ምፍላጥ ከድልየና እዩ።

ጎይታ የሱስ ክንቅበል ከለና እቲ ሓደ እዋን ካብ ኣዳም ዝተቐበልናዮ መንፈስ ብምኽንያት ሓጥያት ካብ ሕጊ ወጻኢ ስለዝኮነ ብትንሳኤ ክርስቶስ የሱስ ዝተሰርሐ ሓድሽ መንፈስ ተቀበልና ። ነዚ ዝደሓነ መንፈስ ሰብ ኢዩ  ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ኢዩ ዝብለና ዘሎ ።

ዝኸበርካ   ኣንባቢ መንፈስካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ምኻኑ ተረዳእ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክዛረብ ወይ ሓሳቡ ክገልጸሉ ዝደሊ ናይ ኩለንተናኻ ክፍሊ መንፈስካ ምኻኑ ተረዳእ።

ነብስኻ ክትሰምዕ እንተ ክኢላ ውን ንሳ ማለት ናትካ መንፈስ ምስ ኣምላኽ ክዘራረብ ስለዝደሊ ምልክታት ይህብ ኣዩ ። ምኽንያቱ ናቱ ናይ መንፈስካ ዕረፍቲ ምስቲ ዝመጸሉ ዓለም ማለት ምስ ናይ እግዚኣብሄር ክሓብርን ክዘራረብን ከሎ እዩ።

"ፍርድኻ ኣብ ምድሪ ምስ እትገብር፡ እቶም ኣብ ዓለም ዚነብሩ ጽድቂ ይመሀሩ እዮም እሞ፡ ነፍሰይ ብለይቲ ትናፍቐካ፡ በቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ




መንፈስ ድማ ኣንጊሄ እደልየካ ኣሎኹ።"ኢሳ 26፡9

ካብኡ ስለዝመጸ ተሰኪምካዮ ዘሎኻ ክቡር መንፈስካ ጽባሕ ናብኡ ናብ ሰማይ እዩ ዝምለስን ንሓዋሩ ዝነብርን ።

"መሬት ድማ፡ ከምቲ ዝነበሮ፡ ናብ ምድሪ ኽይተመልሰ፡ መንፈስውን ናብቲ ወሃቢኡ ኣምላኽ ከይተመልሰ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ፈጣሪኻ ዘክሮ።"መክ 12 ፡ 7

ንስኻ/ኺ ዘይትጥቅሙ ሰባት ኣይኮንኩምን ።ዝደሓንካላ መዐልቲ ካብ ውድቀት ናብ ክብረት ዝመጸኻላ መዓልቲ እያ ምኽንያቱ ዝተረግመ መንፈስ ከይዱ ህያው መንፈስ ከኣ ዝተቀበልካላ ግዜ እያ ።

## ኣዋጅ

ብስም የሱስ መንፈሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝኸበረ ሰብ እዩ ።

ብስም የሱስ ኣነ ተራ ሰብ ኣይኮንኩን ክኸውን ከኣ ኣይክእልን እየ ።

ብስም የሱስ መንፈሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክብሩን ተቀባልነት ዘለዎ ስዝኾነ ጸሎቱ ይስማዕ እዩ ።

# መልክዕን ምስልን ፍልልዮ እንታይ እዩ?....

ኣምላኽ ከኣ፥ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፡ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዝብል ኲሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም። (ዘፍ 1፡26-28)

እግዚኣብሄር ኣብ ምስ ወድን መንፈስ ቅዱስን ብምዝርራብ ከም መልክዕናን ምስልናን ሰብ ንፍጠር ክብል ከሎ ብምሕሳብ ዝተገብረ ነገር እዩ። መልክዕ ኣምላክ ንምፍላጥ ጎይታ የሱስ ዝተዛረቦ ቃል ክንወስድ ኢና ።

ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዚሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባእም። ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ እሞ፡ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ። (የው4፡24)

ስለዚ ኣምላክ መንፈስ ኮይኑ መልክዑ ከኣ ባህርያቱ እዩ።

እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ። (ኤፌ 4፡24)

ኣብ ኣዳም ዝሰፈረ መልክዕ ኣምላክ ቅድስናን ጽድቅን ኣምላክ ክከውን ከሎ ምስሊ ኣምላኽ ክኣ ብደገ ዝርአ ነጸብራቅ (action) እዩ ዘመልክት።



ብኻልእ ኣዘራርባ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣዳም ዝብሎ ዘሎ ኣብ መንፈስ ናተይ መንፈስ ጽድቅን ቅድስናን ኣንቢረ ኣለኹ (መልክዕ ኣምላኽ) እሞ ብእኡ ንበር፣ተገለጽን ስርሓሉን ማለት ብደገ ዝርእዮ ነገር ንሱ ይኹን እዩ ዝብሎ ዘሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንዓይን ንዓኻትኩምን ዘምሓላልፎ መልእኽቲ ንሱ እዩ።ኣብ መንፈስኩም ዘሎ መልክዕ ኣምላኽ (ቅድስናን ጽድቅን ኣምላኽ) ኣብ ግዳም ወይ ኣብ ሕብረተሰብ ግለጽዎ ንምባል ክዳውንትና ኣብ ግዳም ብደገ ከምዝርኤ ከምኡውን ንስካትኩምውን ልበስዎ ማለት ኣርእይዎ ይብለና ኣሎ።

## ኣዋጅ

ኣነ ጽድቅን ቅድስናን ኣምላኽ ኣለኒ።

ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ማንነት ክለብስ ይኽእል እየ።

ጽድቅን ቅድስናን ኣምላክ ናተይ እዩ ብስም የሱስ።

ዓለም ትፈልጠንን ዝኮንክዎን ነንበይኑ እዩ።

# ጽድቂ ኣምላኽ ኣባይ ኣሎ!

እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ። ኤፌ 4 ፡24

ሃይማኖትን እምነትን ኣዝዩ ዝተፈላለየ ንዘራክቦም ነጥቢ ኸኣ ኣዝዩ ሒደት ምዃኑ ንዘንግዕ ኣይመስለንን። እምነት ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ስራሕ መስቀል ክዛረብ ከሎ ሃይማኖት ኸኣ ገና ክትፍጽሙ ዘለካን ዝግብኣካን ሕጊ ሙሴ እዩ ዘዘክረካ። ሃዋርያ ጳውሎስ የሱስ ክርስቶስ ስሌኻ ከምዝተሰቅለ፣ ከምዝሞተ፣ ከምዝተንሳኤን ብምሉእ ልብኻ እንተኣሚንካ( እንተተቀቢልካዮ) ከምኡ`ውን ብኣፍካ እንተተኣሚንኻ (እንተተዛረብካ) ጎይትነት የሱስ እንተኣዊጅካ ምሉእ ብምሉእ መንፈስካ ዝተፈጸመ ድሕነት ተቀቢልካ እዩ ዝብለካ። ኣብ መልእኽቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ንሰብ (ማሕበር) ኤፈሶን።

"እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።" ኤፌ 4 ፥24 እንተረኣናዮ ኣብ መንፈስና (ዝደሓነ መንፈስና) ማለት ካብቲ ሰብ ዝቆመሉ ሓደ ክፋል መንፈስና ሙሉእ ጽድቂ ኣምላኽ ኸምኡ`ውን ቅድስና ኣምላኽ ተቀቢሉ እዩ ይብለና ኣሎ።



እዚ ስለ ዝኾነ ዳግም ዝተወልደ መንፈስና ጸዲቁን ተቀዲሱን እዩ። ብዘይገለ ፍርሓት ጸዲቅናን ተቀዲስናን ኢና ኢልና ክንዛረብ ዝገበርናን ትብዓት ዝህልወናን ኸኣ እዚ ብምርዳእ እዩ። ዳግም ዝተወለድካሉ (ጎይታ ዝተቀበልካሉ ግዜ) ጀሚሩ ንስኻ(ኺ) ብእግዚኣብሄር ዓይኒ ጻድቕን ቅዱስን ምኳንካ ኢኻ ትፈልጥ። ብግብርኻ ወይ ብዘረባኻ ዘይኮነስ ብከምኡ በቲ ዝተፈጸመ ስራሕ መስቀል ናይ የሱስ (ኣምላኽ) ጽድቅን ቅድስናን ተቀቢልኻ ኢኻ።

## ኣዋጅ

ኣነ ጻድቕን ቅዱስን እየ። ብስም የሱስ መንነተይ ጽድቅን ቅድስናን ስለዝኮነ ክልወጥ ኣይጽግመንን`ዩ። ኣነ ናይ ሓጢኣት ዘርኢ የብለይን።

ብስም የሱስ ኣነ ብሕጂ ዘምጽኦ ጽድቅን ቅድስናን የብለይን ተዋሂብኒ እዩ።


ብስም የሱስ ኣሜን!

# መውጺኢ ኣሎካ

**"ሰብ ኪጾሮ ዘይኽእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን ። ኣምላኽ እሙን እዩ እሞ፣ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉስ፣ መውጽኢ ገይሩልኩም ኣሎ፣ ካብ ዓቕምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሓድገኩምን እዩ። " 1ቆረ-10 ፡ 13**

ኣብ ላዕሊ ዘላ ጽሕፍቲ ሰለሰተ ሓሳባት ዝሓዘት እያ። ቀዳማይ ፈተና ከምዘለካ ይዛረብ ፡ እቲ ካልኣይ   ከኣ ዝቐትለካን ዝሕይለካን ፈተና ዘይኮነስ ፡ ዝመጸካ ፈተና ልዕሊ ዓቅምኻ ከምዘይኮነ ድሕሪ ምዝራቡ ኣብ መወዳእታ ካብ ዝኾነ ዓይነት ፈተና እግዚኣብሄር መውጽኢ ኣዳልዩልካ ከም ዘሎ ብምብሳር ይዛዝሞ።

ከመይ ዓይነት ፈተና ዩ ዘጋጥመካ ዘሎ  እግዚኣብሄር መውጽኢ ኣለዎ ይብል ኣሎ። ምናልባት ሕጂ ካብ ዘለናዮ ፈተና ፡ ተዳልዩ ዘሎ መውጽኢ  ኣይረኣየናን ይኸውን ፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ኣይጋገን 'ዩ። ደቂ እስራኤል ካብ ሃገረ ግብጺ ምስ ወጹ  ፡ ፈርኦን ምስ ሰራዊቱ ከምዝሰዓቦም እሞ ከምዝተጨነቑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና አዩ። ግናኸ ብቅድሚኦም ባሓሪ ኤርትራ ብድሓሪኦም ፈርኦን ምስ ሰራዊቱ ፡ ኣብ ከባቢኦም ከኣ ምድረ በዳ ይኹን እምበር እቲ መውጽኢ ክገብር 'የ ዝበለ ጎይታ ብማእከል ባሓሪ ረጊጾም ክሓልፉ ደገ ከፈተሎም ።"እግዚኣብሄር ኪዋጋኣልኩም እዩ እሞ፡ ህድኡ፡ በሎም።እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ስለምንታይ ናባይ እትምህለል፧ ንደቂ እስራኤል ኪጒዐዙ ንገሮም። ንስኻ ድማ በትርኻ ኣልዒልካ፡ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ ምቐሎ፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ ማእከል ባሕሪ ናብቲ ንቑጽ ይእተዉ።ኣነ ድማ፡ እንሆ፡ ልቢ ግብጻውያን ከትርር እየ። ንሳቶም ከኣ ደድሕሪኦም ኪኣትዉ እዮም እሞ፡ ብፈርኦንን ብዅሎም ሰራዊቱን ብሰረገላታቱን ብፈረሰኛታቱን ክኸብር እየ። ብፈርኦንን ብሰረገላታቱን ብፈረሰኛታቱን ምስ ከበርኩ ድማ፡  ግብጻውያን ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም።







እቲ ብቐድሚ ሰፈር እስራኤል ዚኸይድ ዝነበረ መልኣኽ ድማ ተላዒሉ ንድሕሪኦም ከደ። እቲ ዓንዲ ደበና ኸኣ ካብ ቅድሚኦም ተላዒሉ ኣብ ድሕሪኦም ደው በለ።ናብ መንጎ ሰፈር ግብጽን ሰፈር እስራኤልን ኣተወ። ኣብኡ ኸኣ ደበናን ጸልማትን ነበረ፡ ነታ ለይቲ ኸኣ ኣብርሃ። ለይቲ ብምልእታ እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ኣይቀረበን። ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግኣሉ። እግዚኣብሄር፡ ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብምልእታ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ ኣልጊሱ፡ ነቲ ባሕሪ ኣንቀጾ። እቲ ማያት ከኣ ተመቕለ።ደቂ እስራኤል ድማ በቲ ንቑጽ ናብ ማእከል ባሕሪ ኣተዉ። እቲ ማይ ከኣ ብየመነ ጸጋሞም ከም መንደቕ ደው በለ።" ዘጽ 14 ፡ 14 - 22

ኣብ ኣእምሮና ንኣምላኽ ዘይነገርናዮ
ጭንቀት ንኣምላኽ ዘይነገርናዮ
ጸገም ንኣምላኽ ዘይነገርናዮ ጉዳይ
እንድሕር ኣሎ ገዛእ ርእሱ
ንኣእምሮና ክብደት ይፈጥረሉ
ማለት እዩ። ሰባት ወይ ድማ
ክርስትያን ክጭነቑ ከለዉ ንኣምላኽ
ምንጋር እንተ ኣቋሪጾም ጭንቀቶም
ይዓዝዝ እንበር ኣይቅንስን እዩ። ሎሚ
መዓልቲ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር
ጭንቀትኩም ኣባይ ደርብይዎ
ጭንቀትኩም ንዓይ ኣረድኡኒ
ጭንቀትኩም ንዓይ ንገሩኒ

## ኣዋጅ

ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ንኩብሪ እየ ተጸዊዐ


ዝሓልፍ መከራ ኩብሪ የዳልወለይ እዩ

ኣነ ብመከራ ምሕጋስ ካብ ኣምላኽ ተማሂረ እየ

ኣሜን!!

# ስም የሱስ ይሰርሕ እዩ !

 ንጽብሒቱ ድማ እያሱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ እቶም ካህናት ከኣ ንታቦት እግዚኣብሄር ጾርዎ። እቶም ሾብዓተ ኻህናትውን ሾብዓተ መለኸት እልልታ ሒዞም፡ ቀቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር እናኸዱ፡ መለኸት ይነፍሑ ነበሩ። ሰልፈኛ ዘበለ ኸኣ ቀቅድሚኦም ከደ። እቶም ካህናት መለኸት እናነፍሑ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ደድሕሪ ታቦት እግዚኣብሄር ይስዕብ ነበረ።በታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ድማ ነታ ኸተማ ሓንሳእ ዞይሮም፡ ናብ ሰፈር ተመልሱ። ሹድሽተ መዓልቲ ኸምኡ ገበሩ። ኰነ ኸኣ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኣንጊሆም ብወጋሕታ ተንሢኦም፡ ነታ ኸተማ ኸምኡ ገይሮም፡ ሾብዓተ ሳዕ ዞርዋ። በታ መዓልቲ እቲኣ ጥራይ ነታ ኸተማ ሾብዓተ ሳዕ ዞርዋ። ኰነ ኸኣ፡ እቶም ካህናት በቲ ሳብዓይ ሳዕ መለኸት ምስ ነፍሑ፡ እያሱ ነቶም ህዝቢ በሎም፡ እግዚኣብሄር ነዛ ኸተማ እዚኣ ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ኣውክዑ። እዛ ኸተማ፡ ንሳን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ንእግዚኣብሄር ሕርሚ ትዅን። ረሃብ ኣመንዝራ ጥራይ ነቶም ዝሰደድናዮም ልኡኻት ሰለ ዝሐብኣቶም፡ ንሳን ኣብ ቤት ምስኣ ዘለዉ ዅሎምን ብህይወት ይትረፉ። ሓንትስ ንስኻትኩም ከኣ ምስ ሐረምኩምዎ፡ ካብቲ እተሐርመ ኸይትወስዱ እሞ ንሰፈር እስራኤል ርጉም ከይትገብርዎ፡ መከራውን ከይተምጽኡሉስ፡ ካብቲ እተሐርመ ነገር ተጠንቀቑ። ብዘሎ ብሩርን ወርቅን ኣቕሓ ኣስራዝን ሓጺንን ንሱ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ይኹን እሞ ናብ መዝገብ እግዚኣብሄር







ይእቶ። ሸዑ እቶም ህዝቢ ኣውክዑ፡ ካህናትውን መለኸት ነፍሑ። ኰነ ኸኣ፡ እቶም ህዝቢ ደሃይ መለኸት ምስ ሰምዑ፡ ዓው ኢሎም ኣውክዑ። ሸዑ እቲ መንደቕ ናብ ትሕቲኡ ኣቢሉ ወደቐ። እቲ ህዝቢውን፡ ነፍሲ ወከፍ በብቕድሚኡ ደይቡ ናብታ ኸተማ ኣተወ፡ ነታ ከተማ ድማ ሐዘዋ። ኢያሱ 6፥12-20

# ምስጋና

ቅዱስ ኣቦ የመስግነካ

ኣለኹ ቃልካ

ስለ ዝገለጽካለይ

ተመስገን ፤

ናይ ቃልካ ምግላጽ

ጸልማተይ ቀንጢጥዎ'ዩ ሞ

ተመስገን ።

......ብስም የሱስ ምጽላይ ከምቲ ንብዙሓት ዝመስሎም ፀሎት'ካ ምስ ወዳእካ ኣብ መዕጸዊ ክትጽውዖ ዘለካ ስም ኣይኮነንን ፤ ብስም የሱስ ምጽላይ ማለት ፤ ብናይ የሱስ ማንነትን ባህርያትን ምጽላይ ማለት ኢዩ ። ንኣብነት ክንጠቅስ ናብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ንመልከት ፥' "እቶም ገላዉ ዳዊት ምስ መጹ እዚ ነገር እዚ ኩሉ ብስም ዳዊት ንናባን ነገርዎ ፥ ስቅ ኢሎም ከኣ ተጸበዩ " እዞም ገላዉ ዳዊት ናብ ናባል ብስም ዳዊት መጹ ማለት ብስልጣን፤ ክእለት ፤ ተፈላጥነት ፤ ተሰማዕነት ኾታ ብማንነት ዳዊት መጺኦ ንብል ኣለና። ......

# መርገምካ ዝሰዕር በረኸት ኣምላኽ

**"ኣብ ጊብዖን እግዚኣብሄር ንሰሎሞን ለይቲ ብሕልሚ ተራእዮ። ኣምላኽ ከኣ፡ እንታይ ከም ዝህበካ ለምን፡ በለ። ሰሎሞን ድማ በለ። ንስኻ ንባርያኻ፡ ነቦይ ዳዊት፡ ከምቲ ኣብ ቅድሜካ ብእመንትን ብጽድቅን ብቕንዕና ልብን ምሳኻ እተመላለሶ፡ ብዙሕ ምህረት ገበርካሉ። ነዚ ዓብዪ ምሕረት እዚ ሐሊኻ ኸኣ፡ ከምዚ ሎሚ ኰይኑ ዘሎ፡ ኣብ ዝፋኑ ዚቕመጥ ወዲ ሁብካዮ። ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ንባርያኻ ኣብ ክንዲ ኣቦይ ዳዊት ኣንገስካኒ፡ ኣነ ኸኣ መውጽእየይን መእተውየይን ዘይፈልጥ ንእሽቶ ጕበዝ እየ። ባርያኻ ድማ ኣብ ማእከል እዚ ዝሐሬኻዮ ህዝብኻ፡ ኣብ ማእከል እዚ ስለ ምብዛሑ ዘይቍጸርን ዘይጽብጸብን ብዙሕ ህዝቢ እየ ዘሎኹ። ነዚ ብዙሕ ህዝብኻ እዚ ደኣ መን ኪፈርዶ ይኽእል፡ እምበኣርሲ ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን ፈልዩ ንህዝብኻ ምእንቲ ኺፈርድሲ፡ ንባርያኻ ኣስተውዓሊ ልቢ ሀቦ። ሰሎሞን እዚ ነገር እዚ ስለ ዝለመነ ድማ፡ ነገሩ ንጐይታይ ባህ ኣበሎ።"** 1ነገ 3፡5-10

መርገም ምስ ተሰበረ በረኸት ከም ዝመጽእ መብዛሕትና ንስማማሉ ሓቒ እዩ። ጸላኢ ምስተሳዕረ በረኸት ከም ንብዝብዝ መብዛትና ንፈልጥ ኢና ። ጥበበኛ ሰለሙን ካልእ ዕቤት ኣምላኽ ዘርእይ ጸሎት ክጽሊ ከሎ ንርእይ ዘለና። ንጉስ ሰለሙን ኣብ ከባቢ ዝነበረሉ ሃገር ጸላእቲ ከለው ዝሓቶ ዘሎ ሕቶ በረኸት ወይ ጥበብን ምስተወልን ዝብል ነበረ። እግዚኣብሄር ባዕሉ`ውን ሀብቲ ወይ ነፍሲ ጸላእትኻ ኣይለመንካን ኢሉ`ዩ መስኪሩሉ።

ኣስተውዕል ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘለው ነገስታት ናብ እግዚኣብሄር ጠፊእና ሒደት ኢና ካብ ኢድ ጸላእትና ኣድሕነና ክብሉ ከለው ኢና ነንብብ እግዚኣብሄር ኣብዛ ጽሕፍ`ቲ ዘገረመቶ ነገር ነፍሲ ጸላእቱ ሐዲጉ በረኸት ምሕታቱ`ዩ። ንጉስ ዳዊት በረኸት ኣምላኽ ናይ ገንዘብ በረከት ጥራይ ዘይኮነስ ሐለዋ ውን ከም ዘጠቃልል ኣዝዩ ርዱእ ሰብኣይ ነበረ ። ዘመራይ ዳዊት ውን ሐደ ግዜ ጸላእቱ ከለው እግዚኣብሄር ከም ዝባረኾ ይዛረብ ።






"**ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መእዲ ትሰርዓለይ፣ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፣ ጽዋኤይ ይጅርብብ ኣሎ።**"*መዝ* 23፡5

ብዙሓት ሰባት ብክርስቶስ ዳግም ተወሊዶም ክንሶም ብዛዕባ ሰይጣን፡ መርገም፡ ድኽነትን ሓጢኣትን ክዛረቡ ምዋዓሎም ዝገርም`ዩ። ዝያዳ ኩሉ ከነስተወዕሎ ዝግባእ ኣነን ንስኻትኩምን ልዕሊ መርገምን ሓጢኣትን ብዝኾነ ብወዲ ኣምላኽ የሱስ ኽርስቶስ ኣቢልና ብመንፈሳዊን ሰጋውን በረኸት ኩሉ ዝተባረኽና ኢና።

"እቲ ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ ገይሩ ኣብ ሰማያት ዝባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን።" ኤፌ 1፡3

"እቲ ንዘይሐልፍን ዘይረክስን ዘይጽምሉን ኣብ ሰማያት ተኣርኒብልኩም ዘሎ ርስቲ፡ ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብዝሒ ምሕረት ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ዘወለደና ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይባረኽ፡"2ጸጥ 1፡3

ስለዚ ከነስተወዕሎ፣ ከነሰላስሎን ክንዛረቦን ዝግባእ በረኸትና እዩ።

# ኣዋጅ

**ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ተባሪኸ እየ**

**ብስም የሱስ**

**በረኸት ናተ`ዩ ኣእምሮይ በረኸት እዩ**

**ዝሐስብ**

**ብስም የሱስ**

**ኣሜን**

# ፈጺሙ ዘይከኣል ነገር

**“ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኴንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ። መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኩነን’ ቆሎ-3፤1-3**

*--ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኴንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ። መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኩነን’’። ብጥዓሚ ዝገርም’ዩ ምኽንያቱ ሃዋርያ ጳውሎስ ሰይጣን ኮነ ሰባት ክረኽበና ከም ዘይ ክእል ኣብ ግምት ብምእታው ክርስቶስ ኣብ ዝበሃል ሓደ ስፍራ ተሰዊርኩም ኣለኹም ይብለና እሎ ። እዛ ድምጺ እዚኣ ብዙሕ እዋን ስለ ዝሰምዓናያ ካልእ ካብኣ እቲ ዛይድ ድምጺ`ዩ ከምጸእ ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ክርስቶስ ተሰዊርኩም ጥራይ ዘይኮነስ ክርስቶስ ከኣ ነዓኻትኩም ሒዙ ኣብ ውሽጢ እግዚኣብሄር ኣቡኡ ተሰዊሩ ኣሎ ይብለና ኣሎ እንታይ ዓይነት ዜና’ዩ ? ሃዋርያ ጳውሎስ እንታይ ደኣ ይብል ኣሎ ወይ ከኣ ሰይጣን ኮነ ሰባት ክረኽቡና ወይ ከኣ ክጎድኡና ኣንተ ደልዮም ቅድም ነቲ ክርስቶስ ዝበሃል መሸፈኒ ኮይኑ ዘሎ ድሕሪኡ ከኣ እግዚኣብሄር ዝበሃል ብዓቢኡ ተንኪፎም እዮም ሳልሳይ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ነዓይን ነዓኻትኩም ክረኽቡና ዝክእሉ እዚ ከኣ ፈጺሙ ዘይከውን ጥራይ ዘይኮነ ክሕሰብ ዘይግባእ`ዩ። ክሳዕ ክንደይ ተሰዊርካን ተሸፊንካን ከምዘለኻ ተትረፈልዋ ኔርካ ቅዱስ ሓወይ ወይ ከኣ ሓፍተይ ኣካይዳናን ኣዘራርባንን ሰጉምትናን ብበዙሕ ሓይሊን ትብዓትን ተሓወሶ ሚኾነ ኔሩ ኢለ ይግምት። ቅድሚ ነዊሕ ግዜያት ነብይ ሚልኪያስ ተመሳሳሊ ከምዚ ይብል ሚል 4 ፣ 2-3 ’’ ንኣኻትኩም ስመይ እትፈርሁ ግና፣ ጸሓይ ጽድቂ ኽትበርቀልኩም እያ፣ ምድሓን ከኣ ኣብ ኣኽናፋ እዩ። ንስኻትኩም ድማ ክትወጹን ከም ብተይ ደምበ ኽትዕንድሩ ኢኹም።*




*በታ ኣነ ዝገብረላ መዕልቲ ኣብ ትሕቲ ኸብዲ እግርኹም ሓመኹስቲ ኪኾኑ እዮም እሞ፣ ንረሲኣን ክትረግጽዎም ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት''። እንተ ኣስተዊዕልናሉ ሚልኪያስ እንታይ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር ዝተመስገነ ይኹን* **ሸፈንካና ወይ ከኣ ኣብ ትሕቲ እኽናፍ ጌረኩም ኣለኹ ይብል ኣሎ ። እዛ ንስሪ ኢልና ንጽውዓ እንስሳ ንደቃ ከይትትንክፎም ኣብ ስቱር ቦታ ኪትወስዶም ከምኡውን ክትዕንግሎምን ታተ ኣቢላ ድማ ትረይኒንግ ልምምድ ክትገብሮም እንተደልያ ኣብ ልዕል ዝበለ ቦታ እያ ትወስዶም ምናልባት ንጨቓዊት ንስሪ ክትትንክፍ ምድላይ ማለት ሂወትካ ምስኣን ከዝኸውን ኩሉ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ናተይ ኣኽናፍ ሰዊረኩም ኣለኹ ይብለና ኣሎ እዛ ዝሰዕብ ጥቅሲ እሰከ ኣንብባ መዝ**

*91 ፣ 4-5 '' ብግልግሌኡ ኼጐልብበካ፣ ኣብ ትሕቲ እ'ኽናፉ ኸኣ መጸግዒ ኽትረክብ ኢ'ኻ፣ ሓቁ ዋልታን ጸግዕን እዩ። ካብ ሰምባድ ለይቲ፣ ካብቲ ብመዓልቲ ዚውርወር ፍላጻ''*

*እምበኣር ሓወይ ክሳዕ ክንደይ ተሰዊርካ ኣለ'ኻ ክትፈልጥ ንስሪ ንጨቓዊታ ክሳዕ ክንደይ ትሕልወን ኣስተውዕል።*

# ኣዋጅ

## ብስም የሱስ ክርስቶስ ተሰዊረ እየ ጸላኢ ክረኽበኒ ኣይክእልን እዩ ፍጹም ሓለዋ ዘለኒ ሰብ እየ ኣሜን!

# ቀቅድሜኻ ስለ ዝወጸ

**’’ ሰራቒ፥ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፋ’’። የው-10፣10-11**

ኣብ ግኡዝ ዓለም ክልተ ዓይነት ጋሶት ከም ዘለዉ ኹሉ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከኣ ክልተ ዓይነት ጋሶት ኣለዉ። እቲ ሓደ ተዓሲቡ ወይ ድማ ሰራሓተኛ ኮይኑ ገንዘብ እንዳተከፍሎ ዘገልግል ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ እቲ ዋና እተን ኣባጊዕ ባዕሉ ንጉስነት ክወጽእ ከሎ ማለት’ዩ። ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ኑቶም ዕሱባት ወይ ድማ ተቀጺሮም ዝሰርሑ ኪነግር ከሎ ብድሕሪት እዮም ዝኾኑ እተን ኣባጊዕ ቅድሚት ይገብርወን ኢሉ ንምንታይ ኮን ይኸውን ?

ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ቀቅድሚኦም ይወጽእ ከም ዝነበረ ይዛረበና ስለምታይ ኮን ይኸውን ?

እቲ ነገር እምበኣር ከምዚ እዩ ቀቅድሚት ኪትወጽእ ከለኻ ዘጋጥመካ ተኹላ ካልኦት እንስሳ ኮነ ሽፋቱ ክትገጥመሎም ትኽእል በዓልኻ ኢኻ እዚ ከኣ ጎይታ የሱስ በዓሉ ኣነ እየ ኪገጥመሎም ኢሉ በቲ ሓደ ወገን ግን እቲ ዕሱብ ክመጾም ከሎ ሽፋቱ ኾነ ከም እንስሳ ንዕኦም ኣረኪብዎም ክሃድም ሂወቱ ከውጽእ ፕላን ሰለ ዘለዎ ብድሕሪት ይኸውን ። ሎሚ ብሩኻት ኣሕዋተይ ቀቅድሚኻ ዝወጸ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ’ዩ ስለዚ እዩ ኸኣ መጽሓፍ ቅዱስ ጠሓሲ ክጥሕስ እቶም ህዝቢ ድማ ምስኡ ክጥሕሱ እዮም





ዝብል እግዚእብሄር ይመስገን። ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ካብ ተዛረቦ ዘረባ ሓደ ንቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ቅድመይ ጌረዮ ስለ ዝኾንኩ ክፉእ ኣይበጽሓንን'ዩ ዝብል መዝሙር ነበረ። እንተ ኣስተዊዕልናዮ ጢሮስ እግዚኣብሄር ምስ ኣተንስአ ከመይ ክገብር እየ ምስ በለ ኣን በዓለይ ቀቅድሜኻ ሓሊፈ ድንኩል ዘበለ ጸጥ ከብለልካ እየ ንሪኢ( ኢሳ 45፣2 )ብሩኻት ኣሕዋተይየ ሎሚ ሓደ ነገር ኣስተውዕሉ ኣብ ቅድሚኹም ክፉእ ዕድል ወይ ድማ ናይ ሰባት ተንኮል ወይ ኣጋንንቲ ዘሰርሕዎ ክጸንሓኒ ይክእል'ዩ ዝብል ትጽቢት ወጺኹም ፍጹም ኣብ ቅሚኹም ዓወት ከም ዝጸንሓኩም ሕሰቡ በረኸት ከኣ ናትኩም'ዩ ።

# ኣዋጅ

**ብ ስም የሱስ ክርስቶስ ቀቅድመይ ዝወጸ እግዚኣብሄር'ዩ ሰይጣንን ሰባት ድሕረይ እዮም ብስም የሱስ ኣሜን።**

# ብክርስቶስ ዝኮነ ዕዉት ህይወት ምርዳእ

ንዝያዳ ሓበሬታ

0046739231775
0046704903959
0046739316803
0046790792511
0046739317683



K.I.A.M
KEBRON INTERNATIONAL APOSTOLIC MINISTRY

Kebron International Apostolic Ministry.

ኬብሮን ዓለምለኻዊ ሐዋሪያዊ ኣገልግሎት።